ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.76 ሓሙስ 28 ሕዳር 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2 ብሰናይ ተግባራታ...




ገጽ 3



ገጽ 4 ሕባራዊ - ዘተ



ገጽ 5 ሕብረተሰባት ...




ገጽ 7 ደንደንን ቀይሕ ባሕሪን ተዓዊተን



# ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ፡ ንጉጅለ መሓዙት ምክልኻል ቻርተር ሕ/ሃ መደረ ኣስሚዑ



ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዐስማን ሳልሕ፡ ኣብ ጉዳይ ፍልስጤም ኣተኩሩ ብ25 ሕዳር ብማዕዶ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ሚኒስተራት 'ጉጅለ መሓዙት ምክልኻል ቻርተር ሕቡራት ሃገራት'፡ መደረ ኣስሚዖ።

ኣበ'ቲ ብምኽንያት 'ኣህጉራዊ መዓልቲ ምሕዝነት ምስ ህዝቢ ፍልስጤም' ዝተወደበ ኣኼብ ጸኒዑ ምሕዝነትን ደገፍን ህዝቢ ኤርትራ ንጸገማት ህዝቢ ፍልስጤም ዝገለጸ ሚኒስተር ዐስማን፡ መሰል ርእሱውሳ እምነቱርናዕ ቻርተር ሕቡራት ሃገራትን ኣህጉራዊ ሕግን ስለዝኾኑ፡ ኤርትራ ኣብ ጎኒ ሕጋውን ፍትሓውን ሕቶ ህዝቢ ፍልስጤም ንርእሱውሳ፡ ሰላምን ፍትሕን ደው ከም እትብል ኣረጋጊጹ።

ሚኒስተር ዐስማን ኣስዒቡ፡ ዋላኳ መጉዲ ሰላም ኹኖ ብደህታት እንተዛለዉ፡ እናዓበየ ዝመጽእ ዘሎ ኣህጉራዊ ኣፍልጦ ንቃልሲ ህዝቢ ፍልስጤም ኣጉዲ ስጉሚ ንቕድሚት ከምዝኾኑ ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ፍልስጤም ከም ዝኾኑ ህዝቢ ኣበ'ዛ ዓለም መሰልን ሓርነትን ከምዝጐንጸ ኣስሚሩሉ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ሓድነት ሓይሊ ስለዝኾኑ፡ ኣበ'ዚ ከቢድ እዋን ኩሎም ፍልስጤማውያን ኣበ'ቲ መሰል ርእሱ ውሳኔን ፍትሓን ንምርግጋጽ ዝቐጸለ ቃልሲ ክዳሰሉ ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።

# ፎሮ - ኣልማዕቲ ጀራዲን፡ ጠለባት ዕዳጋታት ንምምላእ ይሰርሑ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ - ምምሕዳር ከባቢ ደናንለ፡ ካብ 2011 ጀሚሮም ብማስኖ ዘልምዑ ዘለዉ ኣበታውያን ሓረስቶት፡ ኣብ ምምላእ ጠለባት ዕዳጋታት'ቲ ከባቢ ኣበርክቶ ይገብሩ ከምዘለዉ ገሊጾም።

ንሳቶም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኣበ'ቲ ከባቢ ብዘሎ ጺጋታት ማይ ተተባቢዖም ዝጀመርዎ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ብሞያዊ ምኽሪ ክኢላታትን ውልቃዊ ጻዕሮምን ጽቡቕ ምህርቲ ይረኽቡሉ ከምዘለዉ ኣፍሊጦም።

ክኢላ ልምዓት ፍረታትን ኣሕምልትን መንእሰይ ማሕሙድ ሳልሕ ብወገኑ፡ እቶም ኣበታውያን ኣልማዕቲ ሓያሎ ጸገማት ብምብዳህ ኑቲ ከባቢ ናብ ሪቡሓትም ብምቕያር ዝረኽብዎ ዘለዉ ምህርቲ ዕዳጋኡ እናሰፍሐ ከምዝመጸ ኣብሪሁ።

ልምዓት ጀራዲን ንምሕያል ቀጻሊ ጻዕሪ ከምዝካየድ ዝገለጸ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣቶ ተስፋይ ተወልደ ድማ፡ ክሳብ ርሑቕ ዓድታት እናተንቀሳቐሱ ኩነታት ሕርሻ ከም ዝከታተሉን ሞያዊ ምኽሪ ከምዝህቡን ብምጥቃስ፡ ኣሕምልቲ ዝለምዐ ስፍሓት ኣስታት 97 ሄክታር ከምዝበጽሐ፡ ልምዓት ፍረታት'ውን ዕቤት የመዝግብ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

# ዓሰብ - ርክብ ፖሊስን ህዝብን ንምድልዳል ተዘትዩ



ኣብ ዓሰብ - ምምሕዳር ከባቢ ሸኻይቶ፡ ርክብ ፖሊስን ህዝብን ብምድልዳል ገበን ንምክልኻል ዝዓለመ ዘተ ተኻዪዱ።

ኣዛዚ 3ይ መደበር ፖሊስ - ምኽትል ተለንተ ሻወሽ ወልደጊዮርጊስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ፖሊስ ምስ ህዝቢ ዝገበሮ ቀጻሊ ርክብት፡ ኑቲ ዘሎ ዝምድና ብምዕዛዝ ተራ ህዝቢ ኣብ ምውሓስ ጸጥታ ከባቢ ክብ ንምባል ከምዝሕግዝ ሓቢሩ።

በቢዕብኡ ዝፍጸሙ ኮማዊ ፖሊስ፡ ኣብ ምክልኻል ገበንን ምቕላዕ ገበናታትን ዝገበርዎ ዘለዉ ኣበርክቶ ቀሊል ከምዘይኮነ ብምጥቃስ፡ ንገበን ዝድይንን ከይስዕረረ ዝጽቅን ሕብረተሰባዊ ክብረታት ኣብ ተኻኢቲ ወለዶታት ንኽሰርጽ፡ ወለዲ ብትግሃት ክሰርሑሉ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ መርመራ ገበን 3ይ መደበር ኣቶ የሰፍ ገ/መስቀል ብወገኑ፡ ኣብ ቀዳሞት 9 ኣዋርሕ ናይ'ዚ ዓመት ብዛዕባ ዝተመዝገበ ተርእዮ ገበናትን በደላትን ከምኡ'ውን ጥሕሰት ሕግታት ትራፊክ ድሕሪ ምዝርዛር፡ ዘሰክፍ ተርእዮታት'ኳ እንተዘየለ፡ ወሰንቲ ትካላት ንብረቶምን ገዛውቶምን ንስርቂ ብዘይዕድም ኣገባብ ክዕቅቡ ተማሕጺኑ።

# ከረንን ገለብን፡ ነጻ ካብ ክሸቦ ጓል-ኣንስተይቲ ኣዊጀን

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ንኡሳን ዞባታት ከረንን ገለብን ብ23ን 25ን ሕዳር ነጻ ካብ ክሸቦ ጓልኣንስተይቲ ኣዊጀን።

ኣብ ከተማ ከረንን ሓውሲ ከተማ ገለብን ኣብ ዝተኻየደ ጽምብላት፡ ኣቦመንበር ዘሎ ጻዕሪ ንቑሕ ተራ ሕብረተሰብ ክብ ክብል ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት ከረንን ገለብን ኣቶ ረዘ ኣርኣያን ኣቶ ዐስማን ኣደምን ብወገኖም፡ ኣፍልጦን ንቕሓትን ሕብረተሰብ ንምብራኽ ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር ክካየድ ንዝጸንሐ ኣድማዒ ዕማማት ብምጥቃስ፡ ተመዝጊቡ ዘሎ ዓወት ናቲ መርኣያ ከምዝኾኑ ገሊጾም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ መሳ ከኣ የውዳናኡ ንህዝቢ ክልቲኡ ንኡሳን ዞባታት ድሕሪ ምግላጽ፡ ካብ ደገዚ ንምክልኻል ብዕቱብ ክሰራሕ ተላቢዩ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ብምውህሃድ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ሚኒስትሪ ጥዕናን ሃማደኤን ብዝተኻየደ ሓያል ጻዕሪ፡ ንኡሳን ዞባታት ኣስማጥ፡ ሃበሮ፡ ሓልሓል፡ ዒዲተከሌዛንን ዒላበርዕድን፡ ኣቐዲመን ነጻ ካብ ክሸቦ ጓልኣንስተይቲ ከምዝኣወጃ ዝፍለጥ እዩ።





ዞባዊት ኮሚቴ ምርግጋጽ መሰላት ቈልዑን ደቂኣንስትዮን ምውጋድ ሃሳዪ ልምድታትን ከሎሬል ተስፋጺዮን ግርማይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ምኽንያቱ ጓልኣንስተይቲ ጥዕናውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጉድኣት ዘውርድ ሃሳዪ ልምዲ ብምኻኑ፡ ንምውጋዱ ኣብ ዝተገብረ

# ጋሽ-ባርካ - ስልጠና ምሕደራ ተዋሂቡ

ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽፍሕን ቦታን ንዘለዉ ኣባላቱ፡ ኣብ ኣተሓሕዛን ምሕደራን ንዋት ዘተኮረ ስልጠና፡ ካብ 18 ክሳብ 22 ሕዳር ኣብ ባረንቱ ኣካዪዱ።

እቲ ምስ ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን ብምውህሃድ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣብ ቅድመ-ምድላው መስርሕ ዕድጊ፡ ኣገባብ ስርዓተ ዕድጊ፡ ሓላፍነትን ቁጽጽርን ዕድጊ፡ ምሕደራ መኽዘንን ንብረትን፡ ኣተሓሕዛ ሰነዳት መዛግብቲ ዕድግን ንብረትን፡ ከምኡ'ውን መስርሕ ምውጋን ንብረትን ኣቃውማ ኮሚቴ ዕድግን ዘተኮረ ከምዝነበረ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ገብረስላሴ ነጋሽ ሓቢሩ።

ወከልቲ ሰልጠንቲ ብወገኖም፡ ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ኑቲ ብልምዲ ክካየድዎ ዝጸንሑ ንጥፈታት ብምምዕባል፡ ጽፉፍ ኣገባብ ኣተሓሕዛን ምሕደራን ንዋት ክዘውትሩን ወርጃጽ ስርዓተ ዕድጊ ክኽተሉን ከምዝሕግዞም ገሊጾም።

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## ብሰናይ ተግባራታ እትዝከር ልእልቲ



ኣብ ህይወት፡ ደቂ ሰብ ሕልናኦምን ሰብኣዊ ክብርታቶምን ምስ ዘቐድሙ፡ ብርግጽ ዕጋበት ዝመልኦ ህይወት ክመርሑ ይኽእሉ።

ብዙሓት ሰባት ስጋዊ ድሌታቶም ማለት ሃብቲ፡ ዝና፡ እንተላይ ሰባት ዘኽብርዎም ክብሪ ራሕሪሖም፡ ሓንሳብ ሰሎምን ካልኦት ከቕድሙ ዝረኣዩ ኣለው። እቲ ዘርከበቶ ሓገዝ ንዋታዊ ጥራይ ዘይኮነ፡ ተሰፋን ሞራልን ብምሃብ ንሰባት ካብ ዝወደቑዎ ክትንስኦ ዝኾነት እዩ። ካብ'ቶም ብሰብኣውነቶምን ሰናይ ተግባራቶምን ወትሩ ዝዝከሩ ሰብ ዝና ሓንቲ ልእልቲ ዲያና ፍራንቸስ ስፐንሰር እያ። ልእልቲ ዲያና ኣባል ንጉሳዊ ስድራ-ቤት ብሪጣንያ ምንባራ ይፍለጥ። ንሳ ንውሑድ ዓመታት ማለት ን36 ዓመታት ጥራይ'ያ ብህይወት ጸኒሓ። ኣብቲ ሓጺር ዕምራ ድማ ምስ ልዕሊ ሓደ ሚእቲ ዝኾኑ ትካላት ግብረሰናይ ትሃጥፍ ከም ዝነበረት ይጥቀስ። ንሳ ናብ ዝተፈላለየ ክፋል ዓለም እናዛረት ዝፈጸመቶ ሰናይ ተግባርን ዘይጸንቀቐ ሰብኣውነታን፡ ኣብ ልቢ ብዙሓት ንኽትሰፍርን ጽልዋኣ ንኽሰፍሕን ደርኺት ኰይንዋ እዩ። ልእልቲ ዲያና ካብ ዘዩደቶም ዓበይትን ጸለውትን ንጥፈታት ንመልከት።

ቀዳማይ፡ ምንቃሕ ህዝቢ ብዛዕባ ተመሓላላፊ ሕማም ኤች.ኣይ ኤይድስ ክጥቀስ ይከኣል። እቲ ሕማም ኣብ መፋርቕ 80ታት ዘሰዓቦ ቅዝፈት ኣብ መላእ ዓለም ዘኾሕኾሐ ስለዝነበረ፡ እቶም ብቲ ሕማም ዝተለኽፉ ሰባት ብሕብረተ-ሰቦም ክግለሉ ተራእዩ። በዚ ምኽንያት፡ ልእልቲ ዲያና ኑቲ ኣብ ልዕሊ ግዳያት ዝወርድ ዝነበረ ተጽእኖ ግፍዕን ንምቅዋምን ንቕሓት ህዝቢ ክብ ንምባልን ክትንቀሳቐስ ጀመረት። በዚ መሰረት፡ ኣብ ምዝዛም እቲ ዝተጠቕሰ ዓመት፡ ኣብ ለንደን ዝርከብ ሆስፒታል ሕክምናዊ ክንክን ዝሁብ ዝነበረሎም ንዝነበሩ ግዳያት ናይ'ቲ ሕማም ንምብጻሕ ናብቲ ቦታ ኣምረሐት። እቲ ተበግሶ ልቢ ብዙሓት ዝተንከፈን ተቐባልነት ንኽረኽቢ ዝለዓለ ጽልዋ ዘሕደረን ነይሩ። ሽዑ፡ ኣይተሃንደ ሓንቲ ካብ ኣባላት ንጉሳዊ ስድራ-ቤት ምስ ሕሙማት ኤይድስ ክትቀራረብ፡ ወላዲ ንወሉዱ - ወሉድ ንወላዲኡ ክቐርብን ክሓቖፍን ምሕር ዝፈርሓሉ ፈታዊ ግዜ'ዩ ዝነበረ። ንሳ ግን፡ ኑቲ ስጉምቲ ብምውሳድ ሰብኣውነት ልዕሊ ኹሉ ከም እትሰርዖ ከተማሃር ከኣለት። ከም ወጽኢቱ፡ እቲ ተበግሶ ህዝቢ ዓለም ብዛዕባ ኑቲ ሕማም ዝነበሮ ግጉይ ጠመተ ክቕይሮ ዝለዓለ ደርኺት ፈጠረ። እቲ ፍጻመ ንሕልና ብዙሓት ሰባት ዝቐስቀሰ፡ ብቐሊሉ ዘይሃስስን ዘይርሳዕን ተግባር ነበረ።

ካልኣይ፡ ምስ'ቶም ሕብረተ-ሰብ ገሊልዎም ዝነበሩ ሕሙማት፡ እታ ልእልቲ ናይ ኣድ ሰላምታ ክትለዋወጥን ክትሓቖፎምን ተራእያ። ሕጊ ንጉሳዊ ስድራ-ቤት ልእልቲ ዲያና፡ ብዘይጓንቲ ንዘሾኣ ሰብ ሰላም ክትብል ዘፍቅድ እኳ እንተኾነ፡ ንሳ ንኹሉ ሕግታት ዕሸሽ ብምባል፡ ናብ'ቶም ሕሙማት ብኣካል እናቐረበት ሞራሎም ክብ ክብል ምእንቲ ተዘራርባም፡ ተባቢዖምን ብኣእዳዋ ትድህስሶምን ነይራ።

ካልኣይ፡ ኑቶም ቤት-ኣልቦ ዝኾኑ ወይ ኣብ ጎዳም ዝሓድሩ ሰባት ንምሕጋዝ ዝወሰደቶ ተበግሶ እዩ። ኣብ 1992 ልእልቲ ዲያና ማእከል መናበዪ ጸገማት ብምኽፋት ንብዙሓት መጽለልን መዕረፍን ዝኸውን ስፍራ ክትሃንጽ ከኣለት። እቲ 'ሰንተር ፖይንት' ዝተሰምየ መዕቈቢ ትካል፡ እቶም ብሰንኪ ዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ጐደና ዝነብሩ ቁልዑን መንእሰያትን ዘጽልሉ ስፍራ እዩ። ንሳ ብቐጻሊ ናብቲ መዕቈቢ ስፍራ እናተመላለሰት፡ ብቐረባ ትከታተሎም ነይራ። ናብቲ ማእከል ንበጽሓ ጥራይ ዘይኮነት እንተላይ ኑቶም ክልተ ደቃ ሒዛቶም ትመላለስ ከም ዝነበረት ይፍለጥ። በዚ ከይተሓርፈት፡ ልእልቲ ዲያና ኣብ 1997 ብሞት ምስ ሓለፈት ደቃ፡ ኣሰር ወላዲቶም ክኽተሉ ዝተራእዩ። ንኣብነት፡ ሮኸሪ ወዳ ልኡል ዊልያም ናይቲ ወላዲቱ ዝመስረተቶ ትካል መዕቈቢ ቤት-ኣልቦ ከም ኣካያዲ ኰይኑ ይሰርሕ ኣሎ። ስለዚ፡ እቲ ርህራህን ልግስን ናብ ደቃ ከተሰግሮ ምኽኣላ ድማ ዝለዓለ ብልጫ እዩ።

ሳልሳይ፡ ሓገዝ ንሕሙማት ደዌ ገለ ካብ ተዘኻሪ ንጥፈታት ናይታ ልእልቲ እዩ። ልእልቲ ዲያና ኣብ ሃገረ ኢንዶኔዥያ ዝርከብ ሆስፒታል ደዌ ዞየደቶ ምብጻሕ፡ ኣብቲ እዋን ብመራኸቢ ብዙሓን ዓለምና ልዑል ሽፈን ዝተዋህቦ ነይሩ። ኑቲ እተካየዶ ሰናይ ተግባር ዝቃወሙን ከትርፍዎ ዝሃቀኑን ብዙሓት እኳ እንተነበሩ፡ ንሳ ንኹሉ ብደሆታት ሰጊራ ናብ'ቲ ሆስፒታል ኣምረሐት። ኣብ ጎድኒ እቶም ኣብ ዓራት ተጋዲሞም ዝነበሩ ተሓከምቲ ኮፍ ብምባል፡ ብሰንኪ ደዌ ንዝተቘራረጸ ክፋል ኣካላቶም ብኣእዳዋ እናዳህሰሰት ሞራል ክትህቦም ተራእየት። እዚ ተበጊሶ ድማ ብዙሓት ብዛዕባ እቲ ሕማም ዝነበሮም ኣሉታዊ ኣረኣእያ ክቕይሩን ንቕሓቶም ክዕብን ዝለዓለ ኣበርክቶ ነይሩዎ። ልእልቲ ዲያና ኣብ እተፈላለየ ኢጋጥሚታት ሕሙማን ደዌ ክግለሉን ክንጸሉን ዘይክኑ፡ ብፍቕሪ ክናበዩ ከም ዝግበኦ ብተደጋጋሚ መልእኽቲ ተመሓላልፍ ነይራ።

ራብዓይ፡ ልእልቲ ዲያና ኑተገቲ ናብ ዝተቐብረሉ ቦታታት ሃገር ኣንጎላ ብምምራሕ፡ እቲ ኑተገቲ ክእለ ወይ ክለዓል ኣትረራ ከም ዝመገተት ይዝከር። ንሳ ንንጉሳዊ መተባብሮ ጉዳፉ ናብቲ ብሸግርን መከራን ዝተኸበ ምኽኣ ዝበረሉ ክፋል ሕብረተ-ሰብ ብኣካል ብምብጻሕ፡ ኣብ ዝኸሪ ብዙሓት ዘይሃስስ ምስሊ ክትገድፍ ክኢላ እያ። ሽዑ፡ ምስ ሓንቲ ብኑተገቲ እግራ ዝተቘጽረ ቈልዓ ዝተሳዕለቶ ስእሊ ብመራኸቢ ብዙሃን ምስ ተፈነወ፡ ጉዳይ እቶም ህዝቢ ኣተኩሮ መላእ ዓለም ክስሕብ ከኣለ። እዚ ውሑድ ካብ ብዙሕ ሰናይ ተግባርን ልግስን እታ ልእልቲ እዩ። ልእልቲ ዲያና ብሞት ካብ'ዛ ዓለም ካብ እትፍለ 27 ዓመታት እኳ እንተቘጸረት፡ ሰብኣዊ ተግባራታ ግና ተዘካሪ ኰይኑ ይቕጽል ኣሎ።

## ሓለምቲ ዲና . . .

ኣእምሮና፡ እሙን ዓርክና ወይ'ውን ሕሱም ጸላኢና ክኸውን ይኽእል እዩ። ንሓይሊ ኣተሓሳስባና ብዋበእ ተገዚእና ኣብ ረብሓና ከውዕሎ እንተጀሚርና፡ ዝበለጸ ህይወት ክንመርሕ ንኽእል ኢና። ብኣንጻሩ፡ ኣተሓሳስባና ብኣሉታ ዝተመልአ እንተኾይኑ፡ ወትሩ ከምርርን ክንጭነቕን ንግደድ። እምበኣርከ'ሲ፡ ኣእምሮና ንሓሳባትና ኣብ ውሽጡ ኣሰላሲሉን ኣመስሪሑን ንጉዳም ክገጽበረቕን ክፍናን ዝለዓለ ጽልዋ ካብ ሃለዎ፡ ሓይሉን ዓቕሙን ብልክዕ ምምርማር የድሊ። ንሓይሊ ኣእምሮናን ኣተሓሳስባናን ንምግላጽ ከኣ፡ "ንሕና ወጽኢት ኣተሓሳስባና ኢና" ዝብል ኣበሃህላ ክለዓል ንሰምዕ። ስለዚ፡ ከምቲ ንጹህን ትርኢቱ ዝማርኽን ግዱም መናፈሻ ንኹሉ ሰብ ዝስሕብ፡ ኣእምሮና እውን ብጥዕናታዊ ኣተሓሳስባ ዝቖመ እንተኾይኑ፡ ውሽጣዊ ሓይልናን ጸጋታትናን ብዋበእ ክንፋትሽ ናብ ቅኑዕ መኣዝን ክንምርሕን ዝተለምናዮ ክንጭብጦን ዝኽእልክልና ሓጺር የለን።

ኣብ ዕምርና ብዙሓት ክንጭብጦም እናበሎና ግን'ኸ ክዩተገበርናዮም ኣብ ውሽጥና ተሰኪዮም ዝዘርፉ ሕልምታት ክህልወና ይኽእሉ እዮም። በዚ ምኽንያት፡ ኑቶም ሕልምታት ዘይምፍጻምና ከም ድኽመት ገጹ-ርእስና ቁጻርና ወሽጥና ዞሶቖና ክንደይ ኩን ንኸውን። ብዙሓት ከኣ "ህይወት ጉዕዞ'ያሞ ፈጸማ" ብዝብል ብሂል ተመሪሖም፡ ወግሒ-ጸብሐ ሕልሞም ንምፍጻም ብትግሃት ክዩዱ ይረኣዩ። ስለዚ፡ ኩልና እኹል ዓቕምን ብቕዓትን ከም ዘይዓደልና ተረዲእና፡ ንዘጋጥሓ ኣረጊት ኣተሓሳስባ ብሓደሽ ኣተሓሳስባ ክንትክኦ ይግባእ። ከም ወጽኢቱ ኣተሓሳስባና ክንቕይርን ሓንቲ ስጉሚ ንቕድሚት ክንምርሽን እንተኽኢልና፡ ህይወትና ብመጽዳሩ ክልወጥ ክንክእል ኢና። ምናልባት፡ ቀዳሚ ሕጂ ንሕና እቶም ምስ ጉዳማዊ ዓለም እንራኸበሉ ምስቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ሓቀኛ መንነትና ከይተሳና ክንገዓዝ ጸኒሕና ክንክውን ንኽእል ኢና። ስለዚ፡ ውሽጣዊ ድሌታትና ንምፍጻም ብጉብዖ ክንዓይይ ምስ ፈለምና ድማ፡ ዕጋበት ክንረክበን ሰላማዊ ህይወት ክንመርሕን ንጀምር ኢና። ኑቲ ዝሓለየ ሕልምና ንምጭባጥ፡ ግድን ኣይኩንን ብዘዚፍ ዕማም ክንፍልም። ከም'ቲ ንኣሸቱ ኣእማን ኣብ ርእሲ-ርእሲ ምስ ተቐመጡ ዓብይ ርግኣን ዝሃንጹ፡ ንኣሸቱ ተግባራት ድማ ዓብይ ወጽኢት ከም ዝሕፈሶ ክንፈልጥ ኣለና። ብድሕሪ'ዚ፡ ሕልምና ካብ ምጭባጥ ዝዓግትና ሓይሊ ኣይክህሉን እዩ። ክንዮ ንኣሸቱ ሕልምታት ዓብይ ወጥን ክንሕንጽጽን ከተግብሮን ኣይክንጸግመን ኢና።

እቶም ኣብ እተፈላለየ ጸፍሒ ዕውታት ኩይኖም ንረኽቦም ሰባት፡ ኣዘዮም ሓያላት ሓለምቲ ምኳኖም ይነገር። ከምቲ ሰማይ ደረት ዘይብሉ እቶም ዕውታት ሰባት ድማ ካብ ምሕላም ዝኽልክሎም ሓይሊ ከም ዘየለ ኣዳዕዲዖም ይፈልጡ እዮም። እዚ ስለዝኾኑ ቀጺሊ ኣእምሮኦም ብዘይገደብ ኩሓሳብን ክሓልምን ናጻ ሰለዝገደፍዎ፡ ኣብ ባይታ ከተግብርዎ ኣብ ዝኽእሉሉ ነገራት ኣተኩሮም ይዓዩ። ንሕሉፍ ዓወታቶም ከም መወከሲ፡ ኽሉው ኩነታት ከም መንጠሪ ባይታ ብምጥቃም፡ ኣብ መጻኢ ክዓይዎ ኣብ ዝኽእሉ ኣርሒቑም ይጥምቱ። ስለዚ፡ ንዝሓለፍዎ ጉደናታት ንድሕሪት ተመሊሶም ብምፍታሽ፡ ሰማን ጸባሕን እንታይ ክሰርሑ ከም ዝኽእሉ መደብ ይሰርዑ። እቲ ኣብ ኣእምሮኦም ሓደ ድሕሪ ሓደ ዝጨርሕዎ ወጥናት፡ ብቕደም ተኸተል ብምስራዕ ንምትግባሩ ይብገሱ። ንሕና'ውን ሕልምታትና ክብደቱ ወይ ፍኸሰቱ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ክወስደልና ዝኽእል ገደብ ግዜ ብልክዕ ከሰፍሮ ኣለና። እቲ ምንታይ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ክንፍጽሞ ዝተለምናዮ ዕማም፡ ዘይከም ግምትና ሓያሎ ዓመታት ምስ ዝጠልብ፡ ኣብ መንጎ ተሰፋ ክንቖርጽ ስለእንኽእል። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ "ሕልመይ ክጭብጦ ዝኽእል፡ ኣብ ምንታይ ኣተኩረ እንተሰሪሐ'የ" ብምባል ብዋለጸኑት ምስ ግዱ-ርእስና ክንዘራረብ ኣለና። ኑቲ ኣብ ቅኑዕን ድልዱልን መሰረት ዝተሃንጸ ባህግታትና ድማ ካብ ምትግባሩ ድሕሪ ኣይንበል።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ሓፈሻዊ ወድድር ቡያ |
| 13:30 | (ዜና ዓረብ) |
| 13:40 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ተኩኢንሳይት |
| 15:00 | ፓኖራማ |
| 15:25 | ሕዋራት 1ይ ክፋል |
| 15:55 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:07 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፊ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ጉዳም ኣቡነ ማትያስ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ጸባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት ሰተኣም |


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቊ.ስ.163471-07588045
**ምልክታ**
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ኣበመንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ዓብዱልፈታሕ ኣልቡርሃን ናይ ስራሕ ምብጻሕ ኣብ ኤርትራ












ስእሊ - ታእዛዝ ኣብርሃ
ሳልሕ ዓብደልቓድር

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

## ሓባራዊ ዘተ

ፍረህይወት ዳኒኤል

# “ሕሉፍ፡ ህሉውን መጻእን ኹነታት ቅድድም ብሽክለታ ኣብ ኤርትራ”

ዓመት 2024 ካብተን ዝሓለፋ ዓመታት ዝበርከተ ዓወት ሒዝና ንፋነዋ ዘለና ዓመት እያ። ብፍላይ ብዓውዲ ቅድድም ብሽክለታ! ኪንዮ ኣህጉር ኣፍሪቃ ዝዘለለ፡ ብደረጃ ዓለም ዝጽዋዕ ዓወት ተመዝጊቡ። ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ሃገርና፡ ካብ ረቡዕ 9 ክሳብ ሰንበት 13 ጥቅምቲ ኣብ ኬንያ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኣፍሪቃ 2024 ድሙቕ ዓወት ኣመዝጊባ ኣላ። ነዚ ዓንኬል ዝገበረ፡ ብሓሙስ 31 ጥቅምቲ 2024፡ ኣዳራሽ ዳዕሮ “ሕሉፍ፡ ህሉውን መጻእን ኩነታት ቅድድም ብሽክለታ ኣብ ኤርትራ” ብዝብል ኣርእስቲ ዓውደ-ዘተ ኣካይዱ።

ንዕዱማት እንቋዕ ብድሓን መጻእኩም ብምባል፡ መራሒት መደብ ስነ-ጥበበኛ ሊድያ በረኸት እያ መደብ ፈሊማቶ። “ሎሚ ቅድድም ብሽክለታ ስነ-ፍልጠት እዩ ኮይኑ ዘሎ። ብቐዓትና ኪንዮ ኣህጉር ኣፍሪቃ ብደረጃ ዓለም ዝጽውዓሉ መድረኽ በጺሕና ኣለና። ነዚ ክብሪ ንምዕቃቡን ንምድንፋዑን ስነ-ፍልጠታዊ መዳዩ ክንመልኮ ኣለና፡ ” ብምባል ሓሳቡ ዝፈለመ ጸሓፊ መጽሓፍ “ስነ-ፍልጠት ቅድድም ብሽክለታ” ሱራፌል በየነ እዩ።

ኣካላዊ ባህርያት ሻምፕዮን፡ መትከላት ልምምድ፡ ወቕታውነት ልምምድ፡ ደረጃ ብርትዐ ልምምድ፡ መዐቀኒት ጉልበት፡ ምህናጽ ኣካላት፡ ስነ-ፍልጠት መኣዛታት መግቢ ስፖርት፡ ስነ-ፍልጠት ምትካእ ፈሳሲ፡ መወሰኽታ መግብን ንመበራትዕን ዝውሰዱ ፍቑዳት መድሃኒታትን ወሃቢ ሓይሊ መድሃኒታትን ንዝተዘርግሐ ምዕራፋት ናይታ መጽሓፍ፡ ላህመታዊ ትሕዝቶ ገሊጹ።

### ዮናስ ዘካርያስ

እዚ ናይ ምብህሃል መደብ ተቐዳደምቲ ኣብ ልምምድ ውዒሎም ኣብ ናይ ዕረፍቲ ግዜኦም እዩ ዝካየድ ዘሎ። እዚ ተመኩሮ ናይ ምትሕልላፍ መደብ፡ ነቶም ዝኸተልዎም መዛንኦም ክህልዎ ዝኽእል ናይ ተመኩሮ ምልውዋጥ ጥቕሚ ተረዲኦም ተኻፊልቲ ምኳኖም ይምስገኑ። ኣያታትና ንዓወትና መተካእታን መቐጸልታን ዘመዝግብዎ ዓወታት ምኳኑ ተረዲኦም ብኣና ይሕጉሱ ነይሮም። ሎሚ እዞም ንኣሽቱ ዓቢ ዓወት ክዕወቱ ከለዉ ክርኢ፡ ናይቶም ቀዳሞት ሓጎስ ሎሚ ከስተማቕሮ ክኢለ።

እዞም ተቀዳደምቲ ብመንነቶም ሕቡናት፡ ብባንዴራ ሃገር ኩሩዓት እዮም። ዝውንንዎ ውህደት፡ ሓይሎም እዩ። ምስጢር ዓወት “ስራሕ” እዩ። ልዕሊ ክልተ ሰሙን ዝኸደ ኣዝዩ ጽዑቕ ልምምድ’ዮም ኣካይዶም። ቅድሚ ውድድር ዝካየድ ልምምድ ናይ ዓወት ረቓሒ’ዩ። በዚ እዮም ድማ ገለገለ ተቓዳደምቲ “ኣብ ልምምድ ዘሎ ስቓይ ይዓቢ፡” ዝብሉ።

### ስምኦን ተኽለኣብ

ኣቐዲመ ንኣዳልውቲ እዚ መደብ ኣዝየ ኣመስግን። ተመኩሮ ንካፈለሉ መደብ ምድላዉ ጽቡቕ እዩ። ብሉጽነት ሕላገት ኤርትራውነት’ዩ። ኪንዮ ሃገር ወጺእካ ኣብ ዝካየድ ውድድራት ናይ ምስልጣን ተመኩሮይ፡ እዚ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኣፍሪቃ ኬንያ ፋልማየይ እዩ። ኣነን ምሳይ ዝተጓዕዙ ተቐዳደምቲ፡ ኣሰልጠንቲ፡ ኣለይቲ፡ ኮታ ኩሉ ኣብ መጻኢ ኣመዝጊብናዮ ንዘለና ዓወት ዘበርኽ ተመኩሮ ቀሲምና መጺእና ኣለና።

ኤርትራዊ ኣብ ዝሃለወ ሃልዩ፡ ንዝውክልዎ ተቐዳደምቲ ሃገር፡ ሞራል ኣብ ምሃብ መወዳድርቲ የብሉን። ብሽክለታ ሃገርና ጸሓይን ንፋስን ከይበለ ኣብ ጽርግያ ተገቲሩ “ፎርሳ!” እናበለ ሓይሉ ዝህቦ ደጋፊ እዩ ዘለዋ። እዚ ካብ ሃገር ወጺእካ ክትረኽቦ ከለኻ ዓቢ ፍናን ይፈጥረልካ። ንኹሎቶም ደገፎም ዝሃቡና ብልቢ ነመስግኖም።

### ሜሮን ተሸመ

እዚ ካብ 2010 ብበዓል ፕሮፈሽናል ተቐዳዳማይ ዳንኤል ተኽለሃይማኖት ዝጀመረ ዓወት’ዩ። ሎሚ’ውን በዞም ዝበዝሑ ካብ ሃገር ወጺኦም ውድድር ኣካይዶም ዘይፈልጡ ውልዶ መንእሰያት ተቓዳደምቲ ብሽክለታ ሃገራዊ ጋንታ ኤርትራ ተረኺቡ ዘሎ። ኣካሎም ብምዃን ኣብዚ ድሙቕ ውድድር ምስታፈይ ባህ ኢሉኒ። ኣብዞም ተቐዳደምቲ ዝረኣኽዎ ናይ ‘ይኽእሎ እየ፡ ክዕወት’የ’ ዝብል ወኒ ኣገሪሙኒ። ዓወት ድምር ናይ ነፍሲ ወከፍና ስራሕ እያ። ኩልና ንሓደ ሸቶ ኢና ነቒልና። ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ክትዕወት ኣለዋ ዝብል ናይ ሓባር ዕላማ።

ዝኾነ ተቐዳዳምይ ሰሙ ምስቶም ቀዳሞት ተሸለምቲ መዳልያ ከስፍር’ዩ ባህጉ። እቲ ዝዕወት ሓደ እዩ። ንዕኡ ናብ ዓወት ከተደይብ ኩልኻ ክትሰርሕ ኣለካ። ነዚ ኣብ ንኡስ ዕድሜኦም ተረዲኦም ናይ ጋንታ፡ ናይ ባንዴራ፡ ጸወታ ንዘካየዱ ኩሎም ንኣሽቱ ሰብ ዓቢ ሕልሚ ተቐዳደምቲ ኣድንቕ። ዝነበሮም ውህደት፡ ነብሰ-ግትኣት፡ ስነ-ምግባር፡ ዝተዋሃበካ መምርሒ ምኽታል ዓቢ እዩ።

ሃገራዊ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ንዝገበረልና ምዉቕ ኣቀባብላ’ውን ነድንቕ። እዚ ዓወት ሒዙ ንዝመጽአ ተወዳዳሪ እሞ ድማ ኣብዞም ንኣሽቱ ተቐዳደምትና ፈጢርዎ ዘሎ ፍናን ብቓላት ዝግለጽ ኣይኮነን። ንናይ ጋንታ ዓወት ክብሪ ዝህብ ኣቀባብላ እዩ ነይሩ።

### ርግኣት ተኽለ፡ ሓላፊት ምክትታል ደቂ ኣንስትዮ

እዛ ሎሚ ዓወት ኣብ ኬንያ ዝተሳተፈት ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ 67% ሓቚፋቶም ካብ ዝኸደት ኣባላታ፡ ናይ ውሽጢ ሃገር ተቐዳደምቲ እዮም። እቶም ካብዚ ሃገር ወጻኢ ኣብ ዝካየድ ውድድራት ተሳቲፎም ተመኩሮ ዝደለቡ ኣባላት ብኣጻብዕቲ ዝቑጸሩ እዮም። ኪንዮ ድምር ውጽኢት፡ ካብቲ 16 መዳልያ፡ እቲ 7 ወርቂ ምንባሩ፡ ኣብ ቅድመ-ምድላዋት ክሳብ ክንደይ ተሰሪሕሉ እቲ ድሙቕ ዓወት መስኪሩ። ኣስታት 16 ዓመት ኣብ ሃገራዊ ፈደረሽን ብዝተፈላለየ ዕዮታት ሰሪሐ ኣለኹ። ሎሚ ዓመት ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ደቀንስትዮ ተቐዳደምቲ ዘርኣየኦ ብቕዓት ፍሉይ እዩ። ክዕቀበእ እላቦ። እቲ ዝተንጸባረቐ ብቕዓት ድማ ነቲ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝርከብ ኣፍቃሪ ቅድድም ብሽክለታ ሃገርና’ውን ኣይብቀቓሉ።

ደረጃ ብቕዓት ደቀኣንስትዮ ተቐዳደምቲ ብሽክለታ ሃገርና ብዙሕ ባእታ እዩ ዘለዎ። ሃገራዊ ፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ነዚ ዓቢ ዕዮ ገዛ ክኣየየሉ ይግባእ። እቲ ብደቂ-ተባዕትዮ ተበጺሑ ዘሎ “ፕሮፈሽናል ተቐዳዳማይ” ዝብል ክብሪ፡ በዘን ፈርየን ዘለዋ መንእሰያት ዘይድገመሉ ኣብነት የለን። ዓቢ፡ ብርክት ዝበለ፡ ሃገርካ ወኪልካ ባንዴራኻ ከተንብልለሉ ሕልሚ ዝፈጥር ጸወታታት፡ ኣብ ቅድመኣን ክህሉ ይግባእ። ውድድል ጀሚሩ ክዛዝም ኣስታት 10 መዓልቲ ወሲዱ። ብዙሓት ሃገራውያን ጋንታታት ኣፍሪቃ፡ ዝምውለን ኣካል ብዘይ ምርካበን ኣብቲ ውድድር ክሳተፋ ኣይከኣላን። ነዚ ብዙሕ ወጻኢታት ሸፊኑ ምሉእ ሓሳባና ኣብ ውድድር ብምጽማድ ዓወት ክንሓፋስ ዘኽኣለና ሃገራዊ ፈደረሽን ነመስግኖ።





### ቤቲኤል ኤፍሬም

ጸወታ ጽቡቕ ኔሩ። ኣቐዲምና ብነካይዶ ዝነበርና ጽዑቕ ልምምድ ከም እንዕወት ኣሚና ኢና ተበጊስና። ውድድር ቅድሚ ምጅማሩ ቅድሚ 2 መዓልቲ ኣብቲ ውድድር ዝካየደሉ ቦታ በጺሕና። እዚ ድማ ዕረፍቲ ወሲድና፡ ኩነታት ኣየር ኣስተማቒርና ናብ ጸወታ ክንኣቱ ሓጊዙና። ኣብ ልዕሊ’ቲ ነብሲ ወከፍ ኣባል ዘካየዶ ጻዕሪ፡ “ንኽንዕወት ዝሓገዘና ኩነት” ኢለ ክገልጾ ይክእል።

### ኤልዳና በረኸት

ነቲ ዝተኻየደ ውድድር ክንዕወተሉ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብመሰረት ብኣሰልጠንትና ዝተዋህበና መምርሒ፡ ካብ ፈለማ ክሳብ ምዝዛም ጸወታ ክንቅልሶ ክኢልና። ሳላ ኣሕዋትና ዝሰርሕዎ ዓወት ባንዴራና ካብ ርሑቕ’ያ ትልለ። ብወገና ነዚ ክብሪ ዓቂብና፡ ጸወታ ምዝዛምና ተሓጒስና ኣለና።

### ኬሽን ተኽለማርያም

ከም ዓቢ ሓውና ሞራል ኣብ ምሃብ፡ ኣጆኹም ክንዕወት ኢና እናበለ ሓይሊ ንዝህበና ዝነበረ ተቐዳዳማይ ሜሮን ተሸመ ኣዝየ ኣመስግን። ክንብገስ ከለና ካብ ማዕርፎ ነፈርቲ ኣትሒዙ፡ ኣብ ግዜ ጸወታ ይኩን ድሕሪ ጸወታ ንዝገበረልና ኩሉ ዓይነት ሓገዝ ደጊመ ብስም ኩልና ከመስግኖ እፈቱ።

### ሚልክያስ ማእከለ

ንጸሓፊ መጽሓፍ “ስነ-ፍልጠት ቅድድም ብሽክለታ” ሱራፌኤል በየነ ኣመስግን። ዓመት 2024 ካብተን ዝሓለፋ ዓመታት ዝበርከተ ዓወት ሒዝና ንፋነዋ ዘለና ዓመት እያ። ነዚ ስራሕ ዝሰርሑ ኩሎም ተቐዳደምቲ የሃና እብሎም።

### ኮኮብ እዮብ፡ መካኒክ ብሽክለታ ሃገራዊት ጋንታ

ተጻወቲ ንድሮ’ቲ ውድድር ዝተዋህበ ሓድሽ መምርሒ ተኸቲሎም ምዕዋቶም ፍሉይ እዩ። ኣቐዲሙ ናይ ጁኔር ተጻወቲ ብሽክለታ 14 ብ52 ዓይነት ስኒ እዩ ኔርዎ። ድሮ ውድድር ምሸት ግን “ዝኾነ ዓይነት መጋዝ ክዝውሩ ፍቑድ እዩ፡” ተባሂሉ። ምሉእ ለይቲ መጋዝ ናብ 54 ብ11 ኣስናን ክንቅይሮ ወጊሓ። እዚ ተጻወትናን ንሕናን ኣብ ተወሳኺ ሃልኪ ከቲቱና። ሃንደበት ንዝተፈጥረ ኩነታት ናብ ረብሓና ዘውዓልዎ ተቐዳደምትና ብቕዓቶም ዘመስክር እዩ።

### ዑመር ነጋሽ፡ መሳጅን ሓኪም ሃገራዊት ጋንታ

ተወዳደርትና ብኹሉ ንኩሉ ዘጋጥም ድሉዋት እዮም። ቅድሚ ምብጋስና፡ ምስ ተበገስናን ክሳብ ንዓድና ንኣቱ ዘወሃቦም መምርሒ ኣብ ምክትታል ኣዝዮም ይድነቑ። ንዕዮና ሓገዝ ዝገበረ፡ ዕዮ ተቐዳዳማይ ሜሮን ተሾመ ብቓላት ኣይግለጽን እዩ። ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ኬንያ’ውን ዝገበረልና ኣቀባብላ ኮነ ድጋፍ፡ ንጉዕዞና ዓቢ ስንቂ እዩ።

### ኣማን ሰመረ፡ ኣባል ሃገራዊ ፈደረሽን ብሽክለታ ኤርትራ

ካብ ህዝቢ ናብ ህዝቢ ዝመጽአ ዓወት። ውህደት ዝነበሮ ውድድር እዩ። ንዝተረኽበ ጽቡቕ ውጽኢት ንምዕቃቡ፡ ዝነበረ ጉድለት ድማ ከይድገም ኣብ ምውጋዱ ክፉት ገምጋም ምክያዱ ይነኣድ።

### ጸጋይ ዘርኣይ፡ ተሳታፊ መደብ

ተጻወትና ኣብ ዓለማዊ ውድድር ይሳተፉ ብምህላዎም ምልከት ብርክት ዝበለ ቋንቋታት የድልዮም። ዓወት ምስ ተረኽበ ንዓወት ክገልጽ ዘኽእል ናይ ምብህሃል ክእለት ክድልቡ ክስርሓሎም ኣለዎ። ፕሮፈሽናል ተቓዳዳማይ ቢንያም ግርማይ ዓለም ዓወቱ ካብ ቃላቱ እያ ሰሚዓቶ። ዓወት ብቓላት’ውን ክግለጽ ኣለዎ።

### ኣቶ ምስግና ሃይሉ፡ ዋና ጸሓፊ ሃገራዊ ፈደረሽን ብሽክለታ ኤርትራ

ንኹሉኩም ተቐዳደምቲ፡ ተሳተፍቲ ዓውደ ዘተ ብሽም ሃገራዊ ፈደረሽን ብሽክለታ ኤርትራ ምስጋናይ እገልጽ። ጽቡቕ ምሸት ኣምሲና።

# ሓሳባት

ሰረቀ ክፍለ
መበል 31 ክፋል

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ማሕበረሰብ እንታይ ማለት ምዃኑን ንማሕበረሰብ ዘቖሙ ደንቢታትን ክብርታትን ኣገባባትን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ውዳቤ ግደ ማሕበራዊ ውድባትን ትካላትን፣ ተራን ሓላፍነትን መንግስቲ፣ ብዛዕባ ውልቃዊን ሓባራዊን ድልየታት ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብ፣ ተራ ማሕበራዊ ውዳበታት ኣብ ምፍጻም ሓባራዊ ድሌትን ምፍታሕ ግርጭታትን፡ ጠንቂ ግርጭት ኣብ ማሕበረሰብ፣ ትርጉምን ኣገዳስነትን ማሕበራዊ ምምዕርራይ፣ ምሕደራ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት ተመልኪትና ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ–*


ምሕደራ ኮርፖረሽናት

ምሕደራ ኮርፖረሽናት ብዙሕ መጽናዕቲ ዝተገበረሉ፣ ብዘይ ፖለቲካዊ ስምዒት ክትዛረበሉ እትኽእል፣ ብዙሕ ሰብ እውን መዓልታዊ ህይወቱ ብቐረባ ዝፈልጦ ብምዃኑ ከም መእተዊ ዳህሳስ፡ ጸሓፍ ብዛዕባ ምሕደራ መፃብቲ ክዛረብ ኢና።

ፒተር ድሩኸር፡ ሓደ ካብቶም ህቡባት ሊቃውንቲ ሱዑምምሕዳር፡ "ምሕደራ ሳይንስ ይኹን ስነጥበብ ኣይኮነን፣ ተግባር እዩ።" ክብል ይገልጾ። ሰባት ምሕደራ ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም፡ ግን ብዋዕበ ምስ ዝሰርሕሉ ጥራይ እዮም ናይ ብሉጺ ኣመሓደርቲ ዝኾኑ ማለቱ እዩ። ብርግጽ ድማ ኣብ ትምህርቲ ምሕደራ፡ ብዛዕባ ባህሪ ውዳበ፣ ምሕደራ ሰብኣዊ ጸጋ፣ ባጀት፣ ቁጠባ፣ ዕዳጋ፣ ስትራተጂያዊን ካልእ መደባትን ምቕያስ፣ ሰባት ምውዳብን ምድራኽን ወዘተ. ስልጠና ይወሃብ እዩ። ምሕደራ ብዕላማን (Management by Objectives - MBO) ካልእን ዝብሉ ዓበይቲ መጽሓፍቲ ባዕሉ ድሩኸር ኣዳልዩ እዩ። ሓደ ሰብ ምሕደራ ስለዝተማህረ ግን ብቑዕ ኣመሓዳሪ ይኸውን ማለት ኣይኮነን። ሰብ ብዋዕበ ተፈቲኑ ንዝተማህሮን ካልእን ኣወሃሂዱን ሚዛን ኣትሒዙን ውጽኢት ዘምጽእ ስራሕ ምስዝሰርሕ ጥራይ'ዩ ብቑዕ ኣመሓዳሪ ዝኸውን።

ንምሕደራ በዓቢ ካብ ዝዕብርምን ብቕዓት ኣመሓዳሪ ብዋዕበ ዝፍተነሉን ሓደን ቀንደን ሰባት ብኸመይ ትድርኽ (motivate) ዝብል ሕቶ እዩ። ሓደ ላዕለዋይ መራሒ ዝቖሞ መደባት፡ ዝሰለዮ ባጀት፡ ዝቐረቦ ሰብኣዊ ጸጋን መሳርሒታትን ወዘተ. ውጽኢት ከምጽእ እንተኾይኑ ነቲ ዝተቐየሰ ዝትግብሩ ሰባት እዮም። ዘለዎም ድርኺት ድማ ወሳኒ'ዩ። ድርኺት ሰባት ምስ ዘለዎም ድልየት ወይ ትጽቢት ዝተሓሓዘ ኮይኑ፡ ብናይ ስራሕ ዕግበት (ዓይነት ስራሕ፣ ሃዋህው ስራሕ፣ ሰዓታት ስራሕ፣ ቦታ ስራሕ ወዘተ.)፣ ናጽነት ኣብ ስራሕ፣ ደሞዝን ካልእን ዝግለጽ ክኸውን ይኽእል።

ኣብ ጉዳይ ምሕደራን መራሕነትን ድርኺት ሰባት ኣገዳሲ ምዃኑ ካብ ዝፍለጥ ዘመናት ዝገበረ እዩ። መንግስታዊ ኣካላት ይኹኑ ዘይመንግስታውያን ትካላት ዝቐየስኦ መደባት ንምትግባር፡ ድርኺት ሰባት ንምርግጋጽ ዝተፈላለየ ኣገባብ ይጥቀማ እየን። ኣብዚ ኣመልኪቱ ዶግላስ ማክግረገር ክልሰ-ሓሳብ X፡ ክልሰ-ሓሳብ Y (Douglas McGregor: Theory X and Theory Y) ዝብሎ መጽናዕቲ




ኣብ 1950ታት ኣካይዱ ነይሩ። መጽናዕቲ ማክግረገር ምስ ናይ ኣብርሃም ማስሎው ደረጃ ድልየታት ዝተሓሓዘ እዩ። ማክግረገር ኣመሓደርትን መራሕትን ዝቐየስዎ መደባት ኣብ ምትግባር፡ ሰባት ወይ ሰራሕተኛታት ብኸመይ ይድረኹ'ዩ ኣጽኒዑ። ዘማዕበሎ ክልሰ-ሓሳባት ድማ ብቐንዱ ናይ መራሕቲ ቅዲ ወይ ብዛዕባ ቅዲ-ምሕደራ (management style) ዝገልጽ እዩ። ናይ ማክግረገር መጽናዕቲ፡ ኣብ ምሕደራን ምምራሕን መንግስታዊ ኣካላት ይኹኑ ዘይመንግስታዊ ትካላት ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ዘቕረቦ ክልሰ-ሓሳብ ብሓጺሩ ንዳህስሶ።

ክልሰ-ሓሳብ X

ክልሰ-ሓሳብ X ዝኽተሉ መራሕቲ፡ ኣብ ተልእኾን ዕላማን ትካል ተሞርኲሶም፡ ዝተቐየሱ መደባት ንምትግባር ሰራሕተኛታት ንምድራኽ ዝጥቀምሉ ስትራተጂ "ቁጽጽርን" "ክፍሊትን" (ብደሞዝ ወይ ብኻልእ መልክዕ) ክብል ማክግረገር ይገልጾ። መደብ ስራሕ ብዝተኻእለ መጠን ክሳብ እቲ ዝለዓለ ደረጃ ዘርዚሮም፡ ሰራሕተኛታት ወሰን ዕማም (ስራሕ) ከም ዝፍጽሙ ይገብሩ። እታ ዝሓሰቡ ዕማም እንተተኻኢ'ውን ብግቡእ ትትግበር ከምዘላ ንምርግጋጽ ተቖጻጸርቲ (supervisors) ይገብሩሎም። ተቖጻጸርቲን ናይ ተቖጻጸርቲ ተቖጻጸርቲን፡ ልዕሊኦም ዘለዉ ሓለፍትን ወሲኽካ ኣብ ትካል ኣብ መንጎ ላዕለዋይ ሓላፍን እቶም ስራሕ ብዋዕበ ዝሰርሑን 6-7 ጸፍሒታት (Heirarchy) ወይ ካብኡ ንላዕሊ ይህልዉ።

ከምዚ ዓይነት ቅዲ-ምሕደራ ቁጽጽርን ክፍሊትን፡ ብሓጺሩ "ቀይዳዊ-ምሕደራ" ንበሎ። ቀይዳዊ-ምሕደራ ኣብ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ዝውቱር እዩ። ንኣብነት ኣብ ኣፍረይቲን ሰናዕቲን ትካላት ሰራሕተኛታት ኣብ ሓደ ቦታ ኮፍ ወይ ደው ኢሎም፡ ምሉእ መዓልቲ፡ ዓመት-ኣተው ዓመት-ወጻ ሓንቲ ዓይነት ዕማም ጥራይ ይሰርሑ። ከምዚ ዓይነት ቀይዳዊ-ምሕደራ ንሰራሕተኛታት ኣብ ወሰን ዕማም ፈላጣትን ጌጋ ዘይፍጽሙን ይገብሮም። ፍርያትን ፍርያምነትን ትካል የዕቢ። ኣብ መንግስታዊ ትካላትን ካልእ ናይ ቤት ጽሕፈት ስራሕን'ውን ከምዚ ናይ ፋብሪካ ዝዓይነቱ ሰራሕተኛታት ሓደን ተደጋጋሚን ዕማም ከምዝሰርሑ ይግበር እዩ።

ክልሰ-ሓሳብ Y

ክልሰ-ሓሳብ Y ዝኽተሉ መራሕቲ፡ ሰራሕተኛ ንምድራኽ ዝጥቀምሉ ስትራተጂ ቁጽጽርን ክፍሊትን (ቀይዳዊ-ምሕደራ) ዘይኮነስ "ናይ ስራሕ ዕግበትን" "ናጽነትን" እዩ ይብል ማክግረገር። ብሓጺሩ "ኣሳታፊ-ምሕደራ" ንበሎ። ናይ ስራሕ ናጽነት ክበሃል እንከሎ፡ ሰራሕተኛ ኣብ ከንዲ ብዝተቐጻጸረይ ዝሕሎን ዝደፋፍእን ባዕሉ ስርሑ ንክቆጻጸር ምትብባዕ ማለት እዩ።

ኣብ ምዕራባዊ ዓለም መብዝሕትኦም መራሕቲ ንግዳዊ ትካላት ይኹኑ መንግስታዊ ኣካላት፡ ስትራተጂ ቀይዳዊ-ምሕደራ ማለት ክልሰ-ሓሳብ X ወይ ተመሳሳሊ ቅዲ-ምሕደራ ከምዝኽተሉ ይፍለጥ። ኣብ 1980ታት ምስ ቁጠባዊ ዕቤትን ምዕባለ ቴክኖሎጂን ጻዕቂ ውድድርን፡ ፈለማ መራሕቲ ንግዳዊ ቴክኖሎጂያዊ ትካላት፡ ጸኒሖም ድማ ካልኦት ኣፍረይቲ ትካላትን መንግስታዊ ኣካላትን ዕግበት ስራሕን ናጽነትን (ኣሳታፊ-ምሕደራ) ማለት ክልሰ-ሓሳብ Y፡ ካልእ ብድሕሪኡ ዝማዕበለ ቅዲ-ምሕደራን ክተኣታትዉ ጀሚሮም። ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል ኣብ ብዙሓት ናይ ምዕራብ ንግዳዊ ትካላት፡ ተቖጻጸርቲ ዝበዝሑ ዳርጋ ጠፊኦም ሰራሕተኛታት ስርሖም ብውልቅን ብጉጅለን ከምዝቆጻጸሩ ተገይሩ፡ ጸፍሒ መራሕቲ ድማ ናብ 3-4 ወሪዱ ይርከብ።

ማክግረገር ሓደ ክልሰ-ሓሳብ ካብቲ ሓደ ዝበለጸ ወይ ዝሓሸ ውጽኢት ዘምጽእ'ዩ ክብል ደልዩ ኣይኮነን። ከም ኩነታቱ መራሕቲ ክልቲኡ ስትራተጂ - ቀያዳዊን ኣሳታፍን ምሕደራ - ከምዝጥቀሙ ንምግላጽ እዩ። ኣብቲ ማክግረገር መጽናዕቲ ዘካየደሉ እዋናት መራሕቲ መብዛሕትኡ ግዜ ዝኽተልዎ ስትራተጂ ቀይዳዊ-ምሕደራ ኮይኑ፡ ኣብ ገለ ኩነታት ሰራሕተኛታት ንምድራኽ ዕግበትን ናጽነትን ኣብ ግምት ዘእቱ ኣሳታፊ-ምሕደራ ይጥቀሙ ከምዝነበሩ እዩ ዘርከበ።

ካብዚ ናይ ማክግረገር መጽናዕቲ ተበጊሱ፡ ፍረድ ፊድለር መራሕቲ ምስ ኩነታት ዝቃዶ ቅዲ-ምሕደራ እዮም ዝኽተሉ ይብል (Fred Fiedler: Contingency Theory)። ኣብ ገለ ኩነታት ክሳብ እቲ ዝተሓተ ደረጃ ውሳኔታት መራሕቲ ባዕሎም ብምውሳን ምልካዊ (Authoritarian) ስትራተጂ ይኽተሉ። ኣብ ካልእ ኩነታት ድማ፡ ዕግበት ስራሕን ናጽነትን ከተዓብዩ ውሳኔታት ብታሕተዋይ ጸፍሒ ክፍጸም የፍቕዱ ይብል። መራሕቲ ኮርፖረሽናት እውን ኣብ ገለ ኩነታት "ምልካዊ" ቅዲ-ምሕደራ ይጥቀሙ እዮም። የጉዳስ መራኸቢ ብዙሓን ይኹን ኣኽቲቪስት፡ ዘይመንግስታዊ መራሕቲ ኣብ ገለ ኩነታት "ምልካዊ" ቅዲ-ምሕደራ ከምዝጥቀሙ ኣይዛረቡን እዮም። ብኣንጻሩ ንገለ መንግስታት "ምልካዊ" ኢሎም ክገልጹ ድሕር ኣይብሉን እዮም።

ብዋዕበ ክረኣ እንከሎ፡ መራሕቲ ዘይመንግስታዊ ትካላት ይኹን መንግስታዊ ኣካላት ዝኽተልዎ ቅዲ-ምሕደራ ብሓደ ሓፈሻዊ መጸውዒ ምግላጹ ልክዕ ኣይኮነን። ከመይሲ፡ ናይ መራሕቲ ቀንዲ ግዳስ ዝቐየስዎ መደብ ተተግቢሩ ዝጸበየዎ ውጽኢት ምርግጋጽ እዩ። ዝጸበይዎ ውጽኢት ንምርግጋጽ ድማ፡ ከምዚ ማክግረገርን ፍረድን ዝገለጽዎ፡ ኩሎም መራሕቲ ምስ ኩነታት ዝቃደውን ምስ ኩነታት ይሰማማዕ ዝበልዎን ስትራተጂ ወይ ቅዲ-ምሕደራ እዮም ዝኽተሉ።

"ምልካዊ" ዝብል ኣምር በቲ ሓደ ሸነኽ ወትሩን ነገርን ዘዕምዕ ትርጉም ስለዘለዎ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ "ምልካዊ" ዝብል ኣምር ብኣሉታዊ መገዲ ጥራይ ስለዝግለጽ፡ ኣብዚ ጽሑፍ ቅዲ-ምሕደራ መራሕቲ ኣብ ምግላጽ "ቀይዳዊ-ምሕደራ" ወይ ድማ "ኣሳታፊ-ምሕደራ" ዝብል ኣምራት ኢና ክንጥቀም። ኣብዚ ክዘንጋዕ ዘይብሉ ቅዲ-ምሕደራ ብቐንዱ ብዛዕባ ማሰርሒ ውሳኔ እዩ። ኣብ ማሰርሒ ውሳኔ ድማ፡ ከም ኩነታቱን ኣድላይነቱን ኣሳታፊ-ምሕደራ ወይ ቀይዳዊ-ምሕደራ ምጥቃም ንቡር እዩ። ብዘተረፈ ኣብ ማሰርሒ ውሳኔ ምምዕራያት ክግበር እንተኾይኑ ድማ፡ ኣብ ክንዲ ትርጉም ዘይሁብ ፖለቲካዊ ኣምር ምጥቃም፡ ነቲ ማሰርሒ ውሳኔ ብልክዕ ዝገልጽ ኣምር ምጥቃም ይምረጽ።

ኩሉ ዓይነት ቅዲ-ምሕደራ፡ ብዕምዚ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽናዮ ዓይነት ክልሰ-ሓሳብ ክግለጽ ይካኣል ድዩ? ብጥቕሉሉ'ኸ ንትካላት ይኹኑ ንሃገራት ከምዚ ዓይነት ቅዲ-ምሕደራ እየን ዝኽተላ ምባል ይካኣል ድዩ? መንግስታዊ ኣካላትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ኣየናይ ዓይነት ቅዲ-ምሕደራ ተኸቲለን እየን ዝሓሸ ውጽኢት ዘረጋግጻ? ቀሊል መልሲ የብሉን። ገለ ኣብነታት ክንደህስስ።

ኖርወይ ሓንቲ ካብተን ኣዝየን ዝማዕበላ ሃገራት ምዕራብ ኮይና፡ ብዙሓት ካልኦት ሃገራት ምዕቡል ዓይነት ቅዲ-ምሕደራ ዝኽተላ ዘይመንግስታዊ ትካላትን መንግስታዊ ኣካላትን ዘለዋ ሃገር እያ። ይኹን'ምበር ኣብ ኩሉ መንግስታዊ ኣካላትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ኖርወይ ሓደ ዓይነት ቅዲ-ምሕደራ ኣሎ ክበሃል ኣይካኣልን። ብልክዕ ድማ ኣብ መላእ ሃገር እንታይ ዓይነት ቅዲ-ምሕደራ ከምዘሎ ምምዝጋን ኣይካኣልን እዩ። ኣብ መንግስታዊ ኣካላትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ዘሎ ብዙሒ ጸፍሒታት መራሕቲ ብምርኣይ ግን ሓርፋፍ መረዳእታ ክርከብ ይካኣል። ብሓፈሻኡ ብዙሕ ጸፍሒታት (heirarchy) ዘለዎ መንግስታዊ ኣካል ወይ ዘይመንግስታዊ ትካል ብዙሕ ቁጽጽር ከምዘለዎ እዩ ዘእምት። መልእኽትና ጸፍሒ መራሕቲ ምብዛሕ ወይ ቁጽጽር (ቀይዲ) ምብዛሕ ሕማቕ ወይ ጽቡቕ ምባል ኣይኮነን። ከመይሲ፡ ኣብ ሓደ ወሁብ ኩነታት መራሕቲ ዝጥቀምዎ ቅዲ-ምሕደራ ጽቡቕ ወይ ሕማቕ ኢልካ ንምምዝጋን ምስ ዘምጽኦ ውጽኢት ኣተሓሒዝካ ክረአ ስለዘለዎ።

ንኣብነት በዓል መዚ ፔትሮልየም ኖርወይ (Norwegian Petroleum Directorate) ንብምልኡ ናይ ኖርወይ ባሕራዊ ጸጋ ነዳዲ ዝከታተልን ዝቆጻጸርን ዘመሓድርን ኮይኑ፡ ብምሉኦም ሰራሕተኛታቱ ዳርጋ ቀዋሚ ስራሕን ሓላፍነትን የብሎምን። ሰራሕተኛታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣብ ዝተፈላለያ ናይ ስራሕ ጋንታታት ተመዲቦም እዮም ዝሰርሑ። ሓደ ሰራሕተኛ ኣብ ሓደ እዋን ኣብ 2 ወይ 4 ዝተፈላለያ ጋንታታት ተመዲቡ ይሰርሕ። ጋንታ ዘወሃህዱ ኣባላት ጋንታ ባዕሎም ኮይኖም፡ እቲ ናይ ምውህሃድ ስራሕ፣ ወግዓዊ ሓላፍነት ኣይኮነን። ኣብ ሓደ እዋን ኣወሃሃዲ ጋንታ ኮይና ዘገልገለት፡ ኣብ ካልእ እዋን ወይ ኣብ ካልእ ጋንታ ከም ተራ ኣባል ጋንታ ኮይና ተገልግል። ገለ ውሑዳት ጋንታታት ወሰን ቀጻሊ ወይ ነባሪ ዕማም ክህልወን ከሎ (እቶም ኣባላት ግን ዝቀያየሩ)፡ ዝበዝሓ ናይ ፕሮጀክት ጋንታታት እየን (ንወሰን ዕማምን ንወሰን ግዜን ዝቖማ)። በዓል መዚ ፔትሮልየም ኖርወይ ከም መንግስታዊ ኣካል መጠኑ እቲ ላዕለዋይ ሓላፊ (ዳይረክተር) ብመንግስቲ እዩ ዝምዘዝ። ዝተረፉ ብምሉኦም በርክራት (ተክኖክራት) እዮም። ኣብቲ ትካል ብዘይካ ዳይረክተር ክልተ ጸፍሒ ጥራይ እዩ ዘሎ። ንኡ'ውን ናይ ኣዘዝን ተኣዘዝን ጸፍሒ ኣይኮነን።

ብኣንጻር በዓል መዚ ፔትሮልየም ኖርወይ፡ ኣብ ካልእ ሚኒስትሪታት ይኹን በዓል መዚታት ኖርወይ 4-5 ጸፍሒታት መራሕቲ ይረኽቡ። ንምንታይ? ከም ኩነታቱ ጥራይ'ዩ ክበሃል ዝከኣል። ኣብ በዓል መዚ ፔትሮልየም ዘለዉ ሰራሕተኛታት ልዑል ትምህርትን ንቕሓትን ከምዘለዎም፡ ስርሖም ምሉእ ብምሉእ ብዘይ ቁጽጽር ክካየዱ ከምዝኽእሉ ኣየጠራጥርን። ውጽኢት ስራሕ እቲ በዓል መዚ'ውን ኣዝዩ ልዑል ምዃኑ ይፍለጥ። በዓል መዚ ፔትሮልየም ኖርወይ ልዕሊ 60 ዓመት ዕድመ ዘለዎ ኮይኑ፡ ቀድሚ 20 ዓመታት 4-5 ጸፍሒታት መራሕቲ ከምዝነበሮ ይፍለጥ። ኣብዚ ሎሚ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ውዳበን ኣሳታፊ-ምሕደራን ንክበጽሕ ንዓሰርተታት ዓመታት ድርኺት ሰራሕተኛታት ክብ ንምባል ብዙሕ ስልጠናታትን ጻዕርታትን ኣካይዱ እዩ።

ብዙሓት መንግስታዊ ኣካላትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ኖርወይ፡ ነዚ ናይ በዓል መዚ ፔትሮልየም ኣሳታፊ-ምሕደራ ብኣድናቖት ይምልከቱዎ፣ ብቐሊሉ ክቕድሕዎ ዝኽእሉ ግን ኣይኮኑን። ኣብ ኖርወይ ይኹን ካልኦት ሃገራት መንግስታዊ ኣካላትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ካብ ናይ ሓድሕዶም ተመኩሮ ይመሃሩ ጥራይ ዘይኮነስ ሰብ'ውን ካብ መንግስታዊ ኣካላት ናብ ዘይመንግስታዊ ትካላት፡ ወይ'ውን ካብ ዘይመንግስታዊ ትካላት ናብ መንግስታዊ ኣካላት ናይ ስራሕ ቦታ ብምቕያር፡ ክእለትን ተመኩሮን ካብቲ ሓደ ናብቲ ሓደ የሰጋግሩ እዮም። ከምዚ ዓይነት ምንቅስቓስ ድማ ንመንግስታዊ ኣካላት ይኹን ንዘይመንግስታዊ ትካላት ንምዕባለን ሓድሽ ሓሳባት ንምዕባለን ሓጋዚ እዩ።

ብሓጺሩ መንግስታዊ ይኹን ዘይመንግስታዊ መራሕቲ ዝኽተልዎ ቅዲ-ምሕደራ ሰባት ደሪኽካ ተልእኾ መንግስቲ ወይ ትካል ምትግባር ኮይኑ፡ ብኹነታት ዝጸሉ ወይ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝቀያየር እዩ። መራሕቲ ኣብ ገለ ኩነታት ውሳኔታት ብቐጥታ ወይ ብዝዘዋወረ ብምቁጽጻር ቀያዳዊ ስትራተጂ ክኽተሉ ይኽእሉ፤ ኣብ ካልእ እዋን ድማ ውሳኔታት ብታሕተዎት ጸፍሒታት ንክውሰድ ኣሳታፊ ስትራተጂ ይኽተሉ። ምዕራባውያን ነዚ ንምግላጽ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታት ዘውትርዎ ብሂል "ኪደት ካሮትን በትርን" (Carrot and Stick approach) ከም ማለት እዩ። ብኻልእ ኣበሃህላ ኣብ ኩሉ ኩነታትን ኩሉ ግዜን መራሕቲ ሓደ ዓይነት ቅዲ ምሕደራ ኣይጥቀሙን እዮም።

ይቕጽል . . .

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ሸሪዓ

መና ኻሊፍ ኑርሑሴን፡ ሓፍተይ ሓየት ኻሊፍ ኑርሑሴን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ወራሲታ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መና ኻሊፍ ኑርሑሴን፡ ሓወይ መሓመድ ኻሊፍ ኑርሑሴን ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ት/ዕድመ ኣማኑኤል ጳውሎስ እምባፍራሽ፡ ኣደይ ተጋ/ጉት ተስፋይ ወልደስላሴ ስለዝተሰወኣት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ኣማራ ኢብራሂም ስራጅ፡ ተኸሳሲ ኢብራሂም ዓብዶልቃድር ኑርሑሴን፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ፍለጥ፡፡

ሃይማኖት ወልዳይ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ ስብሃቱ ተኽሉ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ከኣ ወራሰቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ኣስመረት ገብረእግዚኣብሄር ኣብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ተጋ/ ተወልደ ኣብርሃ ወልደሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ከኣ ወራሰቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

የርሳሌም ሃይለማርያም፡ ኣደይ ወ/ሮ ምሕረት ተስፋማርያም ገብረኣምላኽ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወራሰቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣነ ኣመልካቲት ወ/ሮ ኣድሓኑት ገብረታትዮስ ገብረሚካኤል፡ ወላዲየይ ኣቶ ገብረታትዮስ ገብረሚካኤል ተስፋዝጊ ኑቲ ኣብ ኣስመራ፡ ምም/ን/ዞ/ገጀረት፡ ምም/ከ/ሓሊቡት ፕሎት 29፡ ፓርሰል A2፡ ዚፕ ኮድ 1A752፡ ጎደና 752-10፡ ቁ/ገዛ 16፡ ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ብመለለዪ ቁንብረት 1BRASM019235 ብስሙ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብዝምልከት፡ ብዕለት 04/11/2024 ብቑ/መዝ/306/2024 ኣብ ረጂስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ብዝጸደቐ ውዕል ወሃብቶ ዝነበረለይ ኮይኑ፡ እዚ ዝተጠቐሰ ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኳይኑ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተራልን ዞባ ማእከል ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳተይ ሒዘ ጉዳየይ ክውድእ ምኳነይ እሕብር፡፡

ኣድሓኑት ገብረታትዮስ

ኣቶ ቢንያም ተኽለ በራኺ፡ ዝተፈቕደሉም ናይ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ንግዳዊ ትካሉም "ካናሪ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና" (CANARY DRIVING SCHOOL) ተባሂሉ ክጸዋዕ ስለ ዝሓተተ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ኣመልካቲት ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ፡ ኣብ ጎደና ኖግራን ቁጽሪ ገዛ 27 ፕሎት 78 ፓርሰል ዲ ASD00045831 ASP 000177738 ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ BRSM008075 ምም. ከበ. ዊና ዝርከብ ብስምና ጉዕት ወርቀ +2 ዝተመዝገበ ተራ ገዛ ስለዝተማቐልናዮ፡ ኑቲ ብጽሒተይ ዝምልከት 2 ክፍሊ 3 ድማ ተሓጋገዚቲ ስፍሓት መሬት 225 ት/ሜ ዝኾነ ብፊደል B ተመልኪቱ ዘሎ ናብ ስመይ ሉተንገስ ወርቀ ኪዳነ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተባህለ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ነታዮ ዞባ ማእከል ይቕረብ፡፡

ሉተንገስ ወርቀ

ኣመልካቲት ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ፡ ኣብ ጎደና ኖግራን ቁጽሪ ገዛ 27 ፕሎት 78 ፓርሰል ዲ ASD00045831 ASP 000177738 ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ BRSMO08075 ኣብ ምም. ከበ. ዊና ዝርከብ ብስምና ጉዕት ወርቀ +2 ዝተመዝገበ ተራ ገዛ ስለዝተማቐልናዮ፡ ኑቲ ብጽሒተይ ዝምልከት 4 ክፍሊን 2 ድማ ተሓጋገዚቲ ስፍሓት መሬት 225 ት/ሜ ዝኾነ ብፊደል A ተመልኪቱ ዘሎ ናብ ስመይ ጉዕት ወርቀ ኪዳነ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተባህለ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ነታዮ ዞባ ማእከል ይቕረብ፡፡

ጉዕት ወርቀ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ሂማን ሃብተ ወልዱ፡ ብዓል ቤተይ ተወልደ ወልደስላሰ ተስፋዝጊ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ከኣ ወራሰቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሃብተማርያም ጉይትኦም ዑቕበ ምባል ተረፉ፡ ደጀን ጉይትኦም ዑቕበ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኤልሳ ገብረሂወት ሃብቱ፡ ብዓል ቤተይ ረዘነ ኣስመላሽ ደምሳስ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ከኣ ወራሰቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ኤልሳ ርእሶም ሃብተሚካኤል፡ ኣደይ ጽገወይኒ ወልደዳዊት ተስፉ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወራሰቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ይከኣሎ ግርማይ ገብረትንሳኤ፡ ናይ ሓወይ ሚካኤል ግርማይ ገብረትንሳኤ ኣብ ኣመራ ን3 ዓመትን 6 ወርሕን ደሃይ ስለ ዘይብለይ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ክብራ ተወልደ ተኽሉ፡ ብዓል ቤተይ ጺጋይ ወልደማርያም ተስፉ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ከኣ ወራሰቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዱባርዋ

ኣቶ ዘርኣዝጊ ወልዳይ ተወልደብርሃን፡ ኣቦይ ወልዳይ ተወልደብርሃን ኪዳነ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ኣመልካቲ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወራሰቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣነ ሳራ ገብረመድህን ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ናቕፋ ኮርፖረሽን ብስመይ ቁ.2442 ሰርቲፊኬት ስለዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሒዙዎ ወይ ረኺቡዎ ዝብል እንተደኣ ኣሎ፡ ብቑ.ስልኪ 07117631 ወ/ሮ ጉዕት ኢልኩም ክትሕብሩኒ፣ እንተዘይብኩም መተካእታ ክወሃበኒ ንዝምልከቶ ናቕፋ ኮርፖረሽን ክሓትት ምኳነይ ኣፍልጥ፡፡

ሳራ ገብረመድህን

ኑቲ ብስም ወራሰቲ ወ/ሮ ኪዳን ማዘንግዕ ኣነ ወ/ሮ ጉየይ ማዘንግዕ ንጉሰ ምስ ክልተ ኣሕዋተይ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 3 ምም/03 ጎደና ነሲቡ ዘኣማኑኤል ቁ.ገዛ 26 ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣብያቲ ብቑምስክር ወረቐት 113852 መወከሲ ቁጽሪ 124036 ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ፣ እቲ ብጽሒተይ ብውህብቶ ንወዲ ሓወይ ኤፍሬም ኣማረ ሃብተስላሰ ስለ ዝሃብኩዎ'ሞ ካብ ስመይ ናብ ስሙ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ'ኡዚ ምልክታ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝፈቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምኳነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ጉየይ ማዘንግዕ ንጉሰ
ወኪል ኤፍሬም ኣማረ

ኢንተርናሽናል ካር ሬንታል ሓ.ዝ.ብ.ማ ብዝዕባ ህሉው ኩነታት ማሕበር ኣኼባ ሰብ ብርኪ ን15/11/24 ንምኪያድ ወሰንቲ ብርኪ ንኽረኽቡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ን10/11/24 ኣቃሊሕና ከምዝነበርና ይዝከር፡፡ እንተኾነ፡ ኣብቲ ኣኼባ ወሰንቲ ብርኪ ስለ ዘይተረኽቡ፡ ንኻልኣይ ግዜ ን30/11/24 ሰዓት 8:00 ቅ/ቀ ኣብ ማእከላይ ቤ/ጽ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ክትቀርቡ ነተሓሳስብ፡፡ ኣብዚ ዝተጠቐሰ ዘይተረኽቡ በዩም ዝተረኽቡ ኣባላት ውሳነ ከሙሓላልፍ ከምዝኾነ ነፍልጥ፡፡

ኢንተርናሽናል ካር ሬንታል ሓ.ዝ.ብ.ማ



## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።
ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቑ.ስልኪ 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com
ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

## ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ ደረጃ


ብፍላይ ድማ ን6ይ ክፍሊ

**ALPHA** PROBLEM SOLVER FOR GRADE 6

ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ኩሉ ዓይነታት ትምህርቲ ናይ 6ይ ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ልዕሊ 850 ሕቶታት ምስ ምሉእ ኣሰራርሓን መግለጽን
- ልዕሊ 2200 መለማመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ
- ልዕሊ 500 ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመስሉ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

ቴሌ. 07151337 ወይ 07282165



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደንደንን ቀይሕ ባሕሪን ተዓዊተን

ዓበይቲ ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ዝኾና ደንደንን ቀይሕ ባሕሪን ብቐደሚ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዘካየዳኦ ቀዳማይ ጸወታአን ናይዚ ወቕቲ፡ ብዓወት መዊሰናኦ።

ምስ ማይ ተመናይ ዝገጠመት ዝሓለፈ ወቕቲ ካልኣይ ደረጃ ዝሓዘት ደንደን፡ ኣብ ካልኣይ እብረ መበል 79 ደቒቕ ካብ ኣኽፋሊአ ናህም ታደሰ ብዘረኸበቶ ሾቶ እያ 1ብ0 ተዓዊታ። ናህም፡ ናይዚ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ናይ ዓሚ ክብራ ንምዕቃብ ዓቢ ስራሕ ዝጸበያ ቀይሕ ባሕሪ ከኣ፡ ንሓንቲ ካብ ታሪኻውያን ጋንታታት ሃገርና ዝኾነት ኣዱሊስ ገጢማታ። ዓብላሊት ዝነበረት ቀይሕ ባሕሪ፡ ክልተ ሾቶታት ካብ ናህም ፍጹም፡ ሓሓንቲ ድማ፡ ካብ ኬብሮን ያሬድን ቤዝሀር ኣማኑኤልን ብዘረኸበቶን ሾቶታት 4ብ1 ተዓዊታ። ቶማስ ሰዩም፡ ንእኽቶ ሾቶ ኣዱሊስ ኣመዝጊቡዋ። ኬብሮን፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዚ ጸወታ ተጻዊዑ።

እዚ ግጥማት፡ ዝሓለፈ ሰንበት እኳ ክካየድ እንተነበረ፡ ብሰንኪ ዘጋጠመ ብርቱዕ ዝናብ ናብ ሰሉስ ምስግጋሩ ይዝከር።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ከብዝያ ሰሞናዊ ኣልታሕረርን ከምኡ'ውን ጎዳይፍን ኣስመራ በራን ብዘካይድኦ ናይ ቀዳማይ ሰሙን ጸወታታት ክቕጽል እዩ።



## ማን ሲቲ፡ እንታይ እዩ ጸገማ?
## ጓርድዮላ ኸ፡ ብኸመይ ክፈትሖ ይኽእል?



ናይ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ ዝኾነት ማን ሲቲ፡ ሰለስ ምሸት ንሀሉው ኩነታታ መለሱ ዘገድድ ወጽኢት እያ ኣመዝጊባ።

እዛ ጋንታ፡ ኣብ ሜዳኣ ንፈይኑርድ ዓዲማ ክሳብ መበል 74 ደቒቕ 3ብ0 መራሒት ክነሳ፡ ኣብ ዝወሓደ ግዜ ሰለስተ ሾቶታት ስለዝተመዝገባ፡ 3ብ3 ክትፈላለይ ተቐሲባ። በዚ ከኣ ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ዝተፈላለዩ ግጥማት፡ ክትዕወት ተጸጊማ ኣላ።

ኣብዞም ቀዳሞት ሓሙሽተ ጸወታታት ዝተሳዕረት ሲቲ፡ ሻምፕዮን ክንሳ ኣብ ሓሙሽተ ተኸታተልቲ ግጥማት ዝተሳዕረት ፋልመይቲ ክለብ ክትከውን ተገዲዳ እያ - ድሕሪ 1956። ዓላሚኣ ፐፕ ጓርድዮላ ከኣ፡ ኣብ ናይ ምስልጣን ጉዕዞኡ፡ ክንድ'ዚ ብዝሒ ግጥማት ብተኸታታሊ ተሳዒሩ ኣይፈልጥን እዩ።

ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ሜዳኣ ኣብ ፕሪመር ሊግ ብቶተንሃም 4ብ0 ዝተሳዕረት ሲቲ፡ ዘይምህላው ናይ'ቲ እናከፋፈለ ዝለኣኸል ወሳኒ ተጻዋታያ ሮድሪ፡ ዓቢ ጸገም ኮይኑዋ ከምዘሎ ግሁድ ኩይኑ ይርከብ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ጸገም ግን ክንዮኡ ዝኸይድ ምኻኑ እዩ ዝገለጽ። ማሰኮት ምስጊጋር ተጻወትቲ ቀደሚ ምኽፋቱ ኣብ ዘለዉዎ ሸሞንተ ግጥማት ከኣ፡ ጓርድዮላ፡ ክንዮ'ዚ ኣመዝጊቡዎ ዘሎ ሕማቕ ወጽኢት ንኸየመዝግብ ታክቲካል ፍታሕ ከምጽእ ኣለዎ።

ገለ ካብቲ እዚ ምክር ዓላሚ ኣብ ግምት ክእትዎ ዘለዎ ዓበይቲ ለውጠታት፡

1. **ንኣካንጂ ኣብ ምክፍፋል ቁጽሪ 6 ክቕይሮ/ክስግግሮ**

ሲቲ፡ ሓደ ካብቲ እትልለየሉ ቅዲ፡ ጸወታ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ምእታውን ልዑል ምቕብባል ክኹሶ ምግባርን እዩ። ኣብዚ ኩሉም ተጻወትቲ ኹቶም ተራ ክህልዎም እንከሎ፡ ናይ ሮድሪ ኣበርክቶ ግና ልዑል እዩ።

ሮድሪ፡ ክጽዕ'ቲ ኣብ ምህናጽ ጸወታ ጋንታኡ ዘለዎ ኣበርክቶ፡ ቀማትን ድልዱልን ተጻዋታይ ብምዃኑ፡ ኣካላዊ ጸብለልኡ ተጠቒሙ፡ ካብ ኣንጻር ተጻወትቲ ኩዕሶ ኣብ ምምንጣልን (tackle) ብሉጽ ዝመጽእ ኩዕሳሱ ኣብ ረብሓኦም ኣብ ምውዓልን፡ ብሓፈሻ፡ ዝረጋጥጥም መጥቃዕቲ ኣብ ምብርዓን ልዑል ዝኾነ ተጻዋታይ ልዑል ዝኾነ ተጻዋታይ ኣበርክቶ ክገብር ዝኽእል እዩ።።

ብሰንኪ'ቲ ኣብ ወርሒ መስከረም ዘጋጠሞን ንዓመት ምሉእ ካብ ጸወታ ዝኣልዮን መጉዳእቲ ግና፡ ንኣበርክቶኡ ዝትክእ ተጻዋታይ ኣይተረኽበን። ጓንዶጓንን ካቫቺችን፡ ኣብ ቦታኡ እኳ እንተተፈተኑ፡ ከም ናይ ሮድሪ ንዘመጽኦም መጥቃዕቲ ከበርዖ ኣይከኣሉን። ብሀሃሉም'ውን፡ ዕድላት ኣብ ምፍጣር እዮም ዝዩዳ ቦኣሐቲ።

ዝ ንምፍዋስ፡ ኣካንጂ ዝሓሸ ኣማራጺ እዩ - ወላ'ኳ ጓርድዮላ፡ ኣብቲ ምስ ቶተንሃም 3ብ3 ዝተፈላለዩሉ ናይ ታሕሳስ 2023 ጸወታ፡ ኣብ ልዕሊ'ዚ ኣብዚ ቦታ'ዚ ዝተሰለፈ ኣካንጂ እምነት የጉድል።

እዚ ስዊዘርላንዳዊ፡ ኩሉ'ቲ ኣብቲ ቦታ (ቁጽሪ 6) ዝድለ ጉልበትን ተጻናጺ ባህርን ስለዘለዎ፡ ጓርድዮላ፡ ካብ ኩዕሶ ምስ ሓዝዎ ጥራይ ናብ ማእከል ምክልኻል ክወጽእ ዝደልዮ፡ ኣብቲ ቦታ እንተኣሰሊፍዎ፡ ገለ ለውጢ ክምጽእ ይኽእል እዩ።

2. **ናይ ሾቶ ምምዝጋብ ዓቕሞም ዳግማይ ክብ ንምባል፡ ዳግመ ውደባ ናይ ክንፊ ኣጥቃዕቲ ምግባር**

ማስመር መጥቃዕቲ ምምሕያሹ ክጽዕ'ቲ ኣብ ሳልሳይ ፍርቂ ሜዳ ዘለዎም ህርመት ጸወታ ምብርባር፡ ዓብላልነት ክፈጥርን ኩዕሶ ካብ ከበቢ ልዳቶም ክትርሕቐን ልዑል ኣበርክቶ ኣለዎ።

ሲቲ፡ ብቶተንሃም ኣብ ዝተሳዕረትሉ፡ ገለ ካብቲ ምኽንያት፡ ብኽንፊ ሰፊሕ ቦታ ትገድፍ ብምንባራ እዩ። ጓርድዮላ፡ ናይ ክንፊ ኣጥቃዕቲ ንኢርሊን ሃላንድ መታን ክሕግዞ፡ ኣዝዩም ንወሽጢ ክኣትዉ ናይ ምእዛዝ ልማድ ኣማዕቢሉ ኣሎ። እዚ ከኣ ኑቶም ብዮማንን ጸጋምን ክንፊ ምክልኻል ዝሰለፉ ምብርን ጓቫርዲያልን፡ በቲ ክንፈታት ሰፊሕ ቦታ ክሕዙ ይቕስቦም ኣሎ። ብዐቢኡ ከኣ ካቡቶም ኣብቲ ክንፈታት ዝሰለፉ ኣጥቃዓቲ፡ ሓገዝ ኣይረኽቡን፣ በዚ ከኣ ኣብ እዋን መጥቃዕቲ ይግድዑ።

ብዐቢኡ፡ እዞም ናይ ክንፊ ኣጥቃዕቲ ንሃላንድ ንምሕጋዝ ድሕረኡ ክህልዉ መምርሒ ኣብ ዝቕበሉሉ፡ ወላ'ውን ኣግፊሖም ንኽንፊ ኣብ ዝወጽኡሉ፡ ዝተሃጸሉ ከምዝመስሉ እዩ ዝትንትኖ። በዚ ከኣ ዛጊት ኣብዚ ወቕቲ ኣድማዕቲ የለዉን። ከም ውጽኢቱ ሲቲ ዛጊት ብኽንፊ ዝወሓደ ሾቶታት ሃንዲሳ ኣላ።

ጓርድዮላ፡ ነዚ ንምምሕሻሽ ነዞም ናይ ክንፊ ተጻወትቲ - ኣብ ክንፊ ናይ ምጥቃዕ ኣማራጺ ዝሀቡ፡ ሰፋሓት (ተኸላኸልቲ ኣንጻር ጋንታ ክዘርግሐ ንኸገድድዎም) ዝፈጥሩ፡ ልክዕዊ ቅላዓት ናብ ክሊ ሳጹን ዝሰዱ (ዘሻምዉ)ን ንደቂ ጋንታኦም ቦታ ዝፈጥሩን ገይሩ ክቕይሮም ኣለዎ። ንዕኦም ከኣ ካብ ኣከፋፈልቲ ግቡእ ሓገዝ ከምዝረኽቡ ክገብሮም ብተንተንቲ ይግለጽ። በዚ ከኣ፡ ብሓገዝ እዞም ናይ ክንፊ ኣጥቃዕቲ (ሳቪንዮ - ብየማን፡ ዶኩን ግርሊሽን ብጸጋም ክንፊ እናተቐያየሩ ይሰለፉ) ብዙሒ ሾቶታት ከተመዝግብ ትኽእል እያ።

3. **ንፎ ሊዊስ ከም ተደራቢ ናይ የማን ክንፊ ተኸላኻሊ ምጽዋት**

ሲቲ፡ ኣብዚ ክንፊ ዳግማይ ክትሓስብ ከድልያ እዩ። ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ጓርድዮላ፡ ኣብዚ ክንፊ ዝሰለፉ ብሉጻት ተኸላኸልቲ ብምሻጥ፡ ብናይ ማእከል ተኸላኸልቲ ክሸፍኖ ፈቲኑ እዩ። ድሕሪ ሓሙሽተ ተኸታታሊ ስዕረት ግና፡ ምምሕያሽ ዝግበረሉ ግዜ ዝመጽአ ይመስል።

ኣብ ጸጋማይ ክንፊ ዝኾነ ጸገም የለን። ብሰለስተ ሾቶታት ድሕሪ ሃላንድ ካልኣይ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሾቶ ፕሪመር ሊግ እዛ ጋንታ ዘሎ ጓቫርዲዮል፡ ብ18 ዕድላት'ውን ሳልሳይ ይስርዕ። 113 ናብ ሾቶ ንዝበጽሐ ገበነኢ ከዕሱ ብምፍጣር ከኣ ቀዳማይ ይሰርዕ።

ኣብ የማናይ ክንፊ ግና፡ ምብር፡ ብፍላይ ኣንጻር ቶተንሃም ኣብ መጥቃዕቲ ጸልዋ ክሕድር ኣይከኣለን፤ ወላ'ኳ ኣብ ሳልሳይ ፍርቂ ሜዳ ብዙሕ ቦታ እንተረኸበ።

ጓርድዮላ ነዚ ክንፊ'ዚ ንምምሕያሽ ንመንእሰይ ተጻዋታይ ለዊስ ከም ተደራቢ ካልእ ዕማም እንተሂብዎ ግና፡ ክሕግዞም ይኽእል እዩ - ብፍላይ ኣብ ፈጠራውነት።

ብዘይካ'ዚ፡ ወላ'ኳ ምስ ገምጋም ዕብየት ዕድመ ተጻወትታ ብቐሊሉ ክትፈትሖ ትጸበት ዘይግበረላ እንተኾነ፡ ንኣንጻር ጋንታ ጸቕጢ (Pressure) ምግባር፡ ብፍላይ ኣብ ማእከል ሜዳ ኩዕሶ ምስ እትምንጠል ኩዕሶ ንምምላሱ መልሰ ግብረ ጸቕጢ ክተዕብዮ ኣለዋ። ቅርጺ ጋንታኡ ዳግማይ ንምምላሰ'ውን ኣብ ገለ ግጥማት ኮታ ኣብ ጸቕጢ ምግባር ዘይሳተፍ ሃላንድ ክተዕርፎ ዝጸውዑ ኣለዉ።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ መጉዳእቲ ተጻወትታ ሃሰዩዋ ዘሎ ሲቲን ኣብ ጸቕጢ ዘሎን ዓላሚኣ ጓርድዮላን፡ ሰንበት ዝኸበደ ጸወታ ይጸበዮም - ኣንጻር ሊቨርፑል። ኣብዚ ጸወታ እንተተሳዒርዎም ከኣ 'ኣብ ርእሲ ጉርጓንራት መንደዓት' ክኾኖም እዩ። ሲቲ፡ ናይ መወዳእታ ዓወታ ቀደሚ ወርሒ - 26 ጥቅምቲ ንሳውዝሃምፕተን ኣብ ናይ ሊግ ጸወታ 1ብ0 ምስ ሰዓረታ እያ።

## ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣብያተ ትምህርቲ ክጅምር እዩ

ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 1 ታሕሳስ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ክጅምር እዩ።

እዚ ኣብ ኣርባዕተ ሜዳታት ኣብያተ ትምህርቲ ዝካየድ ውድድር፡ ንኽልተኡ ጾታ ዘሳትፍ ናይ ኩዕሶ እግሪ፡ መርበብን ሰከባትን ጸወታታት የጠቓልል።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ሜዳ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ ዝተመደቡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሰምበል፡ እምባዕራ፡ ዲያእ፡ ደቀሱብ፡ ሚናበ ዘርኣይ፡ ጻዕዳ ክርስትያን እያን። ኣብ ቤት ትምህርቲ ባርካ ዝተመደቡ ባርካ፡ ሰማእታት፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ፡ ኢብራሂም ሱልጣንን ርእሲ ዓዲን እያን። ኣብ ቤት ት ደንደን፡ ሓርነት፡ ልምዓት፡ ቶኮርን ተኸለሃይማኖትን ኣብ ደንደን፡ ሓሊ፡ ኢሳቕ ተወልደመድህን፡ ማይኾሓ፡ ደምበ ሰምበልን ሱሓርቲን ከኣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሓሊ ክጻወታ እየን።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ መዕኡታ ማእከላይ ካልኣይን ደረጃ፡ ኣስታት ዓሰርተ ሰለስተ ሽሕ ስፖርታውያን ተመሃሮ ኣብ ዓሰርተ ክልተ ዓውድታት ስፖርት ማለት ኩዕሶ እግሪ፡ መርበብ፡ ሰከብት፡ ቅድድም ብሽክለታ፡ ኣትለቲክስ፡ ኩዕሶ ኢድ፡ ተኒስ ባይታ፡ ተኒስ ሰደቓ፡ ባድሚንተን፡ ቼዝን ያታዊ ስፖርትን ተሳቲፎም። ኣካላውን ኣእምሮኣውን ሰንከላን ተመሃሮ'ውን ምንባሮም ዝዝከር እዩ።

ኣብ ኩዕሶ እግሪ ብደቂ ኣንስትዮ ሰምበል፡ ብደቂ ተባዕትዮ ኣስመራ ሓፈሻዊ፡ ኣብ ኩዕሶ መርበብ ብደቂ ኣንስትዮ ደምበ ሰምበል፡ ብደቂ ተባዕትዮ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኩዕሶ ሰከበት ደቂ ኣንስትዮ ባርካ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ድማ ሰማእታት ዕወታት ምንባረን፡ ጨንፈር ስፖርት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

## መወዳደሪ መስመር ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ተቓዪሩ

ናይ ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል 2024፡ ዝሓለፈ ሰንበት ብሰንኪ ብርቱዕ ዝናብ ኣብ ፍርቂ ከምዝተቛረጸ ይዝከር።

እዚ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር፡ ሰንበት 1 ታሕሳስ ዳግማይ ክካየድ ምዃኑ ከኣ፡ ፌደረሽን ዞባ ማእከል ሓቢሩ። እቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ መወዳደሪ መስመር'ውን ተቐይሩ ኣሎ።

ተቐዳደምቲ ካብ ባሕቲ መስከረም ተበጊሶም - ፎርቢያ ሚዛን - ባር ትረስተለ - ፋርማሲ ቁጽሪ 1 - ቤተ መንግስቲ - ባንክ ደም - ፎርቶ ሚኒስትሪ ዜና - ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ሚካኤል - ቤት ትምህርቲ ባርካ - ሹዳ - ጎደና ሰማእታት - ጎደና ሓርነት ኣቢሎም ከኣ ኣብ ባሕቲ መስከረም ክዛዘሙ እዮም። እዚ 6:30 ቅ.ቀ ዝጅመር ናይ ቸርኪቶ ውድድር፡ 170 ኪሎሜተር ዝሽፍን እዩ።

ኣብዚ ናይ ውድድር መስመር ዝተዓሸጋ መካይን ብምዝሑ ክለዓለ'ውን፡ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ይጽውዕ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ሊግ ኤውሮጳ

ኣንደርለኽት - ፖርቶ 8:45 ድ.ቀ

ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ኢልፍቦርግ 8:45 ድ.ቀ

ላዚዮ - ሉዶጎሪትስ 8:45 ድ.ቀ

ማን ዩናይትድ - ቦዶ 11:00 ድ.ቀ

ሪያል ሶሴዳድ - ኣያክስ 11:00 ድ.ቀ

ቶተንሃም - ሮማ 11:00 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ምርያም ኣብርሃም

## እስራኤልን ሕዝቦላህን ጕንጺ ደው ከብሉ ተሰማሚዖም

እስራኤልን ሊባኖሳዊ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህን ተኹሲ ደው ከብሉ ኣብ ስምምዕ ከምዝበጽሑ ተሓቢሩ።

እቲ ኣብ ሊባኖስ ብመንጎኛነት ኣመሪካን ፈረንሳን ዝተበጽሐ ስምምዕ ኑቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ንልዕሊ ዓመት ዝቐጸለ ግጭት መኸተምታ ክገብረሉ ትጽቢት ከምዘሎ ድማ ይሕበር ኣሎ።

ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ ዋላ'ኳ ኣብቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ቀጥታዊ ተሳትፎ እንተዘይብሉ፡ ኣፈኛ ፓርላማ ሊባኖስ ኣቢ በሪ ግን ብስም እቲ ጉጅለ ኑቲ ስምምዕ ከምዘኽተመሉ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ብመሰረት እቲ ካብ ትማሊ ረቡዕ ኣትሒዙ ተግባራዊ ዝኾነ ስምምዕ፡ እስራኤል ኣብ ዝቐጽል 60 መዓልታት ሰራዊታ ካብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ጠቕሊላ ክተውጽእ እያ። ሰራዊት መንግስቲ ሊባኖስ ድማ ኑቲ ቦታ ምሉእ ብምሉእ ክቈጻጸሮ እዩ።

በቲ ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ወገናት ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ፡ ኣብ ክልቲኣን ሃገራት ካብ ቤት-ንብረቶም ተመዛቢሎም ዝርከቡ ኣማኢት ኣሽሓት ሰላማውያን ሰባት፡ ኣብ ቀረባ እዋን ናብ ቤት-ትምህርቶምን ስራሖምን ክምለሱ ምኽኣሎም ይግለጽ ኣሎ።

ጸጥታ ሊባኖስ ንምውሓስ ኣበርቲዖም ከምዝሰርሑ ዝሓበሩ መንግስታት ኣመሪካን ፈረንሳን ብወገኖም፡ ቁጠባ እታ ሃገር ንምሕያል'ውን ኣህጉራዊ ጻዕርታት ከምዝካየዱ ኣፍሊጦም።

መንግስቲ ሊባኖስ ኑቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ቶኹሲ ብሓጎስ ከምዝተቐበሎ ዝጠቐሰ ቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር ናጂብ ሚካቲ፡ እስራኤል ካብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ጠቕሊላ ምስ ወጸት፡ ልዕሊ 5 ሽሕ ወተሃደራት መንግስቲ ሊባኖስ ኣብቲ ቦታ ክዋፈሩ ምኳኖም ኣመልኪቱ።

ኑቲ ስምምዕ ምቁራጽ ቶኹሲ ብዝምልከት፡ ብወገን ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ ዛጊት ዝተዋህበ ዝኾነ ወግዓዊ ሓበሬታ ከምዘየሎ ጸብጻባት የረድኡ።

እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ከተካይዶ ብዝጸንሐት ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት፡ 3,768 ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 15,600 ድማ ቆሲሎም ከምዘለዉ፡ ጸብጻባት ሚኒስትሪ ጥዕና ሊባኖስ ይጠቕሱ።



## ናይጀርያ - ጃልባ ብምጥሓላ ልዕሊ 20 ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ

ኣብ ክፍለ-ሃገር ደልታ - ናይጀርያ ብዘጋጠመ ሓደጋ ምግምጣል ጃልባ፡ ብውሑዱ 5 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 20 ሰባት ድማ ደሃዮም ከመዝጠፍኦ ይግለጽ ኣሎ።

እታ ጃልባ ብኣዝዩ ልዑል ፍጥነት ትጓዓዝ ከምዝነበረት ዝጠቐሱ ሰብ-መዚ'ታ ሃገር፡ ጠንቂ እቲ ሓደጋ ንሱ ክኸውን ከምዝኽእል ሓቢሮም።

እታ ጃልባ ምሉእ ብምሉእ ከምዝተገምጠለት ዝሓበሩ እቶም ሰብ-መዚ፡ እቶም ደሃዮም ተሳኢኑ ዘሎ ተሳፈርቲ ብህይወት ናይ ምርካብ ተኽእሎኦም ኣዝዩ ትሑት ምኳኑ ወሲኾም ኣመልኪቶም።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኑሓሰ እውን፡ ኣብታ ሃገር ብዘጋጠመ ሓደጋ ምብራዕ ጃልባ፡ ብውሑዱ 20 ሰባት ከምዝሞቱ ይዝከር።

ኣብ ናይጀርያ ብሰንኪ ዘሎ ድኽም ምሕደራ መጓዓዝያ፡ ጀላቡ ልዕሊ ዓቕን ተሳፈርቲ ጾዒነን ብልዑል ፍጥነት ክጓዓዛ ምርኣይ ልሙድ ከምዝኾነ፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ ተደጋጋሚ ሓደጋታት ከምዘጋጥማን ዓመታዊ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሰባት ከምዝሞቱን ጸብጻባት የመልክቱ።



## ጃፓን ብምንቅጥቃጥ ምድሪ ተጠቒዓ

ኣብ ማእከላይን ምዕራባውን ክፋል ጃፓን ድሕሪ ዘጋጠመ ክልተ ሓደጋታት ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ግዝያዊ ማሕበራዊ ምስናኽላት ከምዝተፈጥረ ማዕከናት ዜና ሓቢረን።

ብሰንኪ'ቲ ብተኸታታሊ ኣብ 10 ኪ.ሜን 8ኪ.ሜን መዓሞቕ ከርሲ-መሬት ዝተኸስተ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ኣብቲ ዞባ ዝርከብ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ባቡርን ካልእ ንጥፈታትን ደው ኢሉ ከምዝወዓለ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

እቲ 6.4 ከምኡ ድማ 6.2 ሬክተር ስኬል ዝዓቐኑ ክልተ ሓደጋታት ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ሓደጋ ማዕበል ሱናሚ ከስዕብ ከምዝኽእል ዝጠቐሱ ክኢላታት ስነ-ምድሪ ጃፓን፡ ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝነብሩ ኩሎም ጃፓናውያን ልዑል ጥንቃቐ ክገብሩ ጸዊዖም ኣለዉ።



ጃፓን ብሰንኪ'ቲ ዘለዋ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ፡ ብተደጋጋሚ ብሓደጋታት ምንቅጥቃጥ ምድሪ ከምእትጥቃዕ እዩ ዝግለጽ።

ኣብዚ ዓመት እዚ ኣብ ጥሪ፡ ኣብታ ሃገር ብሰንኪ ሓደጋታት ምንቅጥቃጥ ምድሪ ልዕሊ 280 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 1300 ሰባት ድማ ብኸቢድ ከምዝቘሰሉ፡ ዝተፈላለዩ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ሩስያ ንላዕለዋይ ዲፕሎማሰኛ ብሪጣንያ ተባርር



ፈደረሽን ሩስያ፡ ብንጥፈታት ስለያ ንዝተኸሰሶ ላዕለዋይ ብሪጣንያዊ ዲፕሎማስኛ ከምዝባረረት፡ 'ራሻን ቱደይ' ዝተባህለ ማዕከን ዜና'ታ ሃገር ገሊጹ።

እዚ ኣብ ሞስኮ ኣብ ዝርከብ ኤምባሲ ብሪጣንያ ክሰርሕ ዝጸንሐ ዲፕሎማስኛ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ወረቐቱ ንጸጥታ ሩስያ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ብዙሕ ዘየረዳድእ ነጥብታት ከምዝተረኽበ ትካል ስለያ ሩስያ ሓቢሩ።

እቲ ትካል ብተወሳኺ፡ እቲ ዲፕሎማስኛ ናይ ሩስያ ሽዛ ኣብ ዝሓተትሉ ኢጋጣሚ ኮነ ኢሉ ንሕጊ'ታ ሃገር ብምጥሓሱ ጌጋ ወሃቢ ሓበሬታ ኣመዝጊቡ ናብ ሞስኮ ከምዝኣተወ ኣፍሊጡ።

በዚ ምኽንያት፡ ኣብዘን ዝቐጽላ ክልተ ሰሙናት ካብ ሩስያ ጠቕሊሉ ክወጽእ መንግስቲ ሩስያ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ ከምዘሎ ይሕበር ኣሎ።

እዚ መዝገብ ማዕከናት ዜና ዓለም ኮይኑ ዘሎ ብሪጣንያዊ ዲፕሎማስኛ፡ ንሓደ ካብ'ቶም ኣብ ወርሒ ኑሓሰ ካብ ሩስያ ብስለያ ተጠርጢሮም ዝተሰጎጉ 6 ብሪጣንያውያን ዲፕሎማስኛታት ተኪኡ ከምዝመጸ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ዩክሬን ካብ ብሪጣንያ ዝተዋህበቶ ነዊሕ ርሕቀት ዘውንጨፍ ባለስቲካዊ ሚሳይል ተጠቒማ ንሩስያ ከተጥቅዕ ዝሓለፈ ሰሙን ካብ ሎንደን ፍቓድ ድሕሪ ምርካቡ፡ ዝምድና ሩስያን ብሪጣንያን ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ከምዝንቆልቆለ እዩ ዝጋዋሕ ዘሎ።

## ሃገራት ጕጅለ-7፡ ንዩክሬን 50 ቢልዮን ዶላር የለቅሓ



ብጕጅለ-7 ዝፍለጣ ምዕቡላት ሃገራት ምዕራብ፡ ካብ ዝደስከለ ሕሳባት ፈደረሽን ሩስያ 50 ቢልዮን ዶላር ብልቓሕ መልክዕ ንዩክሬን ክህባኣ ከምዝወሰና፡ ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣንቶኒ ብሊንከን ኣፍሊጡ።

ኣንቶኒ ብሊንከን ኣብ ኢጣልያ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ዕላማ ናይቲ ልቓሕ፡ ዩክሬን ኣብ 2025 እኹል ኣጽዋርን ገንዘብን ሒዛ ኑቲ ኩናት ክትምክቶ ንምሕጋዝ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሃገራት ምዕራብ ንዩክሬን ዝኣተዋኦ መብጽዓታት ብተግባር ይፍጽምኦ ከምዘለዋ ኣመልኪቱ።

ሃገራት ምዕራብ ብጕዳይ ኩናት ዩክሬን ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ብዘጽደቕኦ ተደራራቢ እገዳታት፡ ኣብ ፊናንሺያውያን ትካላተን ደስኪሉ ዝርከብ ኣስታት 300 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ሕሳባት ሩስያ ከምዘሎ እዩ ዝሕበር።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰነ እውን፡ ሃገራት ምዕራብ ካብቲ ዝደስከለ ሕሳባት ሩስያ ዝኸፈል 50 ቢልዮን ዶላር ንዩክሬን ብመልክዕ ልቓሕ ከምዝሃባኣ ዝዘከር እዩ።

ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ክኸውን ተመሪጹ ዘሎ ዶናልድ ትራምፕ፡ ዝመጽእ 20 ጥሪ ብትረ-ስልጣን ምስ ሓዘ፡ ንዩክሬን ዝወሃብ ሓገዛት ደው ከብሎ ምኳኑ ይሕበር ብምህላዉ፡ ሃገራት ምዕራብ ንዩክሬን ህጹጽ ሓገዛት ንምግባር ክጸድያ ይረኣያ ከምዘለዋ እዮም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝሕብሩ።

ይኹን'ምበር፡ መራሒ ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ፡ ኩሉ እቲ ደስኪሉ ዘሎ ሕሳባት ሩስያ (ኣስታት 300 ቢልዮን ዶላር) ብቐልጢፉ ክወሃቦ እዩ ዝሓትት ዘሎ።

ሩስያ ብወገና፡ እቲ ደስኪሉ ዘሎ ሕሳባታ ንዩክሬን ክወሃብ ምውሳኑ ልክዕ ከም ስርቂ ከምእትቖጽሮ ብምግላጽ፡ እቲ ስጕምቲ ንሃገራት ምዕራብ ካልእ መዘዝ ከስዕበለን ምኳኑ ብተደጋጋሚ ተጠንቂቓ ኣላ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ራህዋ | 28/11/2024 | ጎደና ሃገር ቁ.20፡ ፊት መስጊድ ገዛ ባንዳ ጥልያን | 119802 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ  ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services